# ሓዳስ ኤርትራ

The State of ERITREA

መበል 34 ዓመት ቁ.40 | ሓሙስ 17 ጥቅምቲ 2024 | ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2 ገስጋስ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ



ገጽ 3



ገጽ 4 ምሕደራ ለውጢ

ገጽ 5 ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?




ገጽ 7 ናትናኤል፡ 10ይ ደረጃ ኣትዩ




# ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግብን መዓልቲ ምውጋድ ድኽነትን ተዘኪረን

ሚኒስትሪ ሕርሻ፡ ምስ ውድብ ሕርሻን መግብን ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራትን ብምትሕብባር፡ "መሰል ንመግቢ፡ ንዝሓሸ ህይወትን መጻእን" ብዝብል ቴማ ዓለምለኻዊ መዓልቲ መግቢ፣ "ምቕላል ሸቕለት፡ ሓቛፊ ዕቤትን ምውጋድ ድኽነትን" ብዝብል ቴማ ድማ ኣህጉራዊ መዓልቲ ምውጋድ ድኽነት ጸምቢሉ።

ኣብ'ቲ ትማሊ 16 ጥቅምቲ ኣብ ሆቴል ማይ-ነፍሒ ዝተኻየደ፡ ሚኒስተራት ዝርከቡዎም ላዕለዎት ሰብ ስልጣን መንግስትን ግንባርን፣ ሓለፍቲ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ፣ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማሰኛታት፣ ከምኡ'ውን ኣብከታውያን ሓረስቶት ዝተረኽቡሉ ድግስ፡ ሚኒስተር ሕርሻ ኣቶ ኣረፋይነ በርህ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ውድብ መግብን ሕርሻን ካብ 2022 ክሳብ 2031 ዝዝርጋሕ ስትራተጂ ብሉጽ ምህርቲ - ብሉጽ መኣዛ - ብሉጽ ኣከባቢ - ብሉጽ ህይወት ሓንጺጹ ይሰርሕ ከምዘሎ፣ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብወገኑ ካብ 2024 ክሳብ 2028 ዝዝርጋሕ ስትራተጂ ልምዓት ሓንጺጹ፡ "ውሑስ መኣዛዊ መግቢ ኣብ ኩሉ ንኹሉ" ንምስማር ይነጥፍ ከምዘሎ ኣረዲኡ።

ሚኒስተር ኣረፋይነ ኣስዒቡ፡ ሳላ ዘይሕለል ጻዕሪ ሓረስቶት፡ ህዝብን መንግስትን፡ ከምኡ'ውን ጸቡቕ ዝርግሐ ዝለዎ ዝናብ፡ ርቡሕ ቀውዒ ንኽህሉ ዘሎ ተስፋ ገሊጹ።

ግዝያዊ ወኪል ውድብ መግብን ሕርሻን ኣብ ኤርትራ ሚስተር መሓመድ ኣውዳሂር ብወገኑ፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ሓረስቶት፡ ንመላእ ህዝቢ ዓለም ኣኺሉ ዝተርፍ መጠን መግቢ ናይ ምፍራይ ዓቕሚ እናሃለዎም፡ ኣስታት 733 ሚልዮን ህዝቢ ዓለም ብጥምየት ከምዝሳቐ ብምሕባር፡ እዚ ዘይምዕሩይነት ንምብዳህ - ኣብ ጉዳይ ጥምየት ውሳነ ዘሕልፉ ኣካላት ተርእዎ ከምዝጸወቱ ብምግባር፣ ብፃኑት መግቢ ብምንካይን ጥዕና ዝህቡ ኣማራጺታት መግቢ ብምውሳድን መሰል መግቢ ክረጋገጽ ከምዝኽእል ኣረዲኡ።

ወኪል ትካል ፕሮግራም ልምዓት ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ሚስተር ፓ ላሚን ቢያዪ ድማ፡ ደምር ጂኦፖለቲካዊ ወጥርታትን ክሊማዊ ቅልውላዋትን ሕልፊ ካልእ እዋን ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ንሕርሻ ዛዕባ ጊደሮም ከምዘለወ፣ ኣብ ድኻታትን ኣብ ምምዕባል ኣብ ዝርከባ ሃገራትን ድማ ብደሆታት ጥሜትን ድኽነትን ከቢድ ከምዘሎ ብምርዳእ፡ መንግስቲ ኤርትራ ድኽነት ንምውጋድ፡ ዘላቒ ብልጽግናን ማሕበራዊ ፍትሒን ካብ ቀንዲ ዕንድታት ሃገራዊ ፖሊሲ ብምግባር ዝሰላስሎ ዘሎ ውርጹጽ ስራሕ መጕሰ።

ድኽነት - ካብ ድኻታትን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራትን ሓሊፉ፡ ኣብ'ተን ዝማዕበላ ሃገራት እውን እንተኾነ ኣቓልቦ ዝደሊ ክስተት ኪይኑ ከምዘሎ ዝገለጹ፡ ንኣወሃሃዲት ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ኤርትራ ወኪሉ ቃል ዘስመዐ ሚስተር ኬይታ ኦሃሺ፡ መንግስቲ ኤርትራ - እቶትን እቶታትውትን ንምዕባይ፡ ምትእትታው ዘመናዊ ሜላታትን ኣገባባትን ማሕረስ፡ ምትትኻብዕ ተጠቃምነት ማስኖ፡ ከምኡ'ውን ምድጋፍ ሓረስቶት ዘጠቓልል ዝምስገን ዕዮ ይዓምም ከምዘሎ ገሊጹ።

ኣብ'ቲ ብምርኢት ተንቀሳቓሲ ስእሊ ዝተሰነየ ኣጋጣሚ፡ ብሓረስቶት ዝፈረየ ምህርቲ ንምርኢት ክቐርብ እንከሎ፡ ንኣብከታውያን ሓረስቶትን ብምኽንያት'ቲ ዕለት ኣብ ዝተወደበ ወድድር ኩዕሶ እግሪ ንዝተዓወተት ጋንታን ሽልማት ተዓዲሉ።







ስእሊ ሳልሕ ዓብደልቃድር

# ጋላ-ነፍሒ - ኣብ ገዛ-ጉዳድ ዝጸንሐ ዘይምርድዳእ ብዕርቂ ተፈቲሑ

ኣብ ዞባ ማእከል - ንኡስ ዞባ ጋላነፍሒ ኣብ እትርከብ ገዛ-ጉዳድ ንኣስታት ሓሙሽተ ዓመት ዝቐጸለ ዘይምርድዳእ፡ ብ13 ጥቅምቲ ብዕርቂ ተፈቲሑ።

ኣብ'ቲ ስነ-ስርዓት፡ ኣመሓዳሪ ዞባ ማእከል ኣቶ ፍስሃየ ሃይለን ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣቶ ዩሱፍ ሳይቕን ዝርከቡዎም ሰብስልጣን፡ ዓበይቲ ዓዲ፡ መራሕቲ ሃይማኖትን ዕድመ ዝተገበረሎምን ተሳቲፎም ነይሮም።

ኣብ ምምሕዳር ዞባ ማእከል - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ምምሕዳርን ፋይናንስን ኣቶ ተኪኦ ቀሊታ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ እቲ ዕርቂ ክውን ንምግባር ንዘጻዓረት ኮሚተን ንበርቲ ገዛ-ጉዳድን የቐንየልኩም ድሕሪ ምባል፡ ሕውነት፡ ሓድነትን ፍቕርን ልዕሊ ኩሉ ዝሰርዕ ማሕበራዊ ክብርታትና ሰለዝኾኑ፡ ንወለዶታት ክኽሰኩሉን ክወራረስን ብምዝኽኻር፡ ነበርቲ ገዛ-ጉዳድ ካብ ዝሓለፈ ተመክሮ ዓቢ ትምህርቲ ክቐስሙ ተላቢዩ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ጋላ-ነፍሒ ኣቶ መሓሪ የውሃንስን ኣካያዲ ስራሕ ሓወሲ ከተማ ሕምብርቲ ኣቶ ተኽለ ጉብረማርያምን ብግደኦም፡ እቲ ጉዳይ መዕለቢ ንኽረክብ ኣብርክቶ ንዝገበሩ ኣካላትን ነበርትን ኣመስጊኖም።

ኣብ መወዳእታ፡ ዋና ኣካያዲ ስራሕ ምምሕዳር ዞባ ማእከል ኣቶ ዘርኢት ተወልደብርሃን፡ እቲ ኮቢ - ግርጭት ብዕርቂ ናይ ምፍታሕ ጽኑሕ ባህሊ ከምዘውንን ብምጥቃስ፡ ህዝቢ ብኮሚተ ዕርቂ ንዝቐረበ ውሳነ ብሓገስ ምቕባሉን ንምትግባሩ ድልውነቱ ምርግጋጹን ብምምጓስ፡ ብሓባር ልምዓታዊ ንጥፈታት ክደንፍዑ ትጽቢት ከምዘሎ ገሊጹ።

ምምሕዳር ሓወሲ ከተማ ሕምብርቲ፡ ብገዛ ሕርዋ-ጉዳድ፡ ገዛ ዓኮሶ፡ ገዛ-ላምዛ፡ ገዛ-ረድኣን ገዛ-ሕምሽምሽን ዝቖመት እያ።




ስእሊ- የውሃንስ መብራህቱ



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ገስጋስ ትምህርቲ ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ

ስእሊ፦ ኣብርሃም በየነ

*ማሰረት ህንጸትን ዘላቒ ምዕባለን ሓንቲ ትምህርቲ እያ፥ ቀጺልና ጽማቝ ትሕዝቶ ናይ'ቲ ንሽሕታት ዝርግሐ ኣገልግሎት ትምህርቲን ተማሃሮን ንኡስ ዞባ ዓረዛ ዝምልከት ምስ ሓላፊ'ቲ ጨንፈር፡ መምህር ተስፋሂወት ወልደገርግሽ ዘገርናዮ እዩ ክኸውን - ሰናይ ንባብ-*

ዝርግሐ ኣብያተ-ትምህርቲ ንኡስ ዞባ ዓረዛ፥ 17 ናይ ቅድመ ትምህርቲ፥ 29 መባእታ፥ 9 ማእከላይ ደረጃ፥ ክልተ ካልኣይ ደረጃ፥ 2 ድማ ምሸታዊ ዘምህራ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። እዚ ዝርግሐ'ዚ፥ ነፍሲ-ወከፍ ምምሕዳር ከባቢ ቤት ትምህርቲ ከምዝለዋ ዘረድእ'ዩ። ንኣቐርቦት ዝምልከት ከኣ፥ ፍትሓውነቱን ብቑዓቱን ዝበለ መለክዒታት ሚኒስትሪ ትምህርቲ ተኸቲሉ ዛጊት ክሰብ'ቲ ዝተበጽሐ ከበቲታት ደረጃኡ ዝሓለወ ትምህርቲ ይወሃብ። ኣብ 2021፥ ብዘሎ፡ ናይቶም ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ ዝመሃሩ ተማሃሮ፥ ኣስታት 20 ሽሕ ክኸውን ከሎ፡ እዚ ኣሃዝ'ዚ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ልዕሊ 26 ሽሕ ክበ ኢሉ። ንተማሃሮ ምሸታዊ ትምህርቲ፥ ከምኡ'ውን ንተማሃሮ ኣእምሮኣውን ምህላኣውን ስንክላን፥ ንተማሃሮ ሞያዊ ትምህርቲን ትምህርቲ ንጋብዩቲን ሓዊስካ ከኣ፥ እቲ ቁጽሪ 29 ሽሕ በጺሑ። እዚ ምስ ናይ 2021ን ድሕሪኡ ዝበረ ዓመታትን ክነጻጸር ከሎ፥ ዓመታዊ 10 ሚእታዊት ዕቤት እናመዝገበ ይኸይድ ኣሎ። እዚ ከኣ ካብ ዓመት ናብ ዓመት ተሰታፍነት ተማሃሮ ክብ እናበለ ይመጽእ ምህላዉ የርእየልና።

ካብ ዓመት ትምህርቲ 2023/24 ከይወጻእና፥ 657 መምህራን ኣብ ንጡፍ ምምሃርን ምስትምሃርን ሓዊዮም። ካብዚኦም 32 ኣብ ቅድመ ትምህርቲ፥ 334 ኣብ መባእታ፥ 115 ኣብ ማእከላይ ደረጃ፥ 72 ከኣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ ዝምህሩ እዮም። እዚ ብጾታ ምስ ዝርአ እቶን 207 ማለት 32 ሚእታዊት ደቀንስትዮ ኾረን። ብኣጠቓላሊ፡ ግን ነቲ ዝርአ ዋሕዲ መምህራን ንምምላእ ዝምልከቶ ኣካል ቀላሕታ ክዕበር ትጽቢት ይግበር።

ቁጽሪ ተማሃሮ፥ ዓመታዊ እናበረኸ ክኸይድ ከሎ፡ ጕድኒ-ጕድኒ መምህራን፥ ምድላው መማሃሪ ክፍልታት፥ ጠረጴዛ (ኮፍ ማበሊ ተማሃሮን) ወዘተ የድሊ። በዚ መሰረት፥ ኣብ ንኡስ ዓረዛ፥ ብጸበት መማሃሪ ክፍልታት ዝጸገማ ኣብያተ-ትምህርቲ ኣለዋ። ገለኣን ድሮ ፍታሕ ክረኽብ ከለዋ፡ ገለ ግን ኣብ ትጽቢት ይርከባ። ነቲ ጸገም ንምፍታሕ፥ ብወገን ምምሕዳር ንኡስ ዞባ፥ ምስ ህዝቢን መንግስቲን ብምውህሃድ ዝጕበሮ ጻዕርታትን ስርሓትን ኣሎ። በዚ ዝተጠቕሰ ኣገባብ ከኣ፥ ኣብ ዓመተ ትምህርቲ 2023/24፥ ኣብ ደገመመት ሰለስተ ክፍልታት፡ ኣብ ማይደማ፥ ምሉድ-ማንታ፥ ደርሁላሰን ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ናብ ማእከላይ ደረጃ ዝተሰጋገረት መባእታን ማእከላይን ቤት ትምህርቲ ዓዲ-ወሰኽ፥ ነፍሲ-ወከፈን 2 ክፍሊ ብድምር 11 መማሃሪ ክፍልታትን 9 ዳሳት ተሰሪሖም። ካልእ፥ ማሕበረሰብ ህንጻቱ ተዛዚሙ ዝኸነ ምኽንያት ዝጸበ 3 ክፍልታት ኣብ ዓዲ ንፋስ ኣሎ። ምውዳድ ጠረጴዛ ዝምልከት ከኣ፥ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ብዋንቐሙ ንዘተሰብሩ ኣብ ምጽጋን ደገፍ ኣብ ምግባርን ዝተረፈ ከምዝዋዕእ ብምግባርን መጠናዊ ፍታሕ ገይሩ ይቕጽል ኣሎ።

ተሳትፎ ደቀንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ፥ ብዘሐብን ደረጃ ክየለጹሉ ኣብ ዝኽእሉ መደረኽ ተበጺሑ ኣሎ። ዝያዳ ንምዕዛዙን ብውህደት ከሰም ኣካላት ገጠራትን ከኣ፥ ምክትታል እናተገበረ ብዕቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ። ቁሩብ ከም ስክፍታ ዝርኣ፥ ካብ ሽሙናይ ንላዕሊ ዝርአ ምቁራጽ'ዩ። ከምኡ ዝኸውሉ ቀንዲ ምኽንያት፥ ዝርግሐ ናይ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ኣብያተ-ትምህርቲ'ቲ ንኡስ ዞባ፥ ምስ ሰፋሓት ጀኦግራፍያዊ ኣቀማምጣኡ ተዛሚዱ ዝገለጽ ጸገም እዩ። ካልኣይ ደረጃ ከም ኣብቶ እንተድኣ ርኢና፥ ኣብ ዓረዛን ማይደማን ጥራይ'ዩ ዘሎ። ዚ ንምፍዋስ፥ ኣብ ዐብልን ዓዲ ገሮቶን እንተዝወሰኽ፥ ንተሳታፍነት ደቀንስትዮ ከዕዘዘ ከምዝኽእል ተጸዊዑ ኣሎ። ብተመሳሳሊ ኣብ ማእከላይ ደረጃ'ውን፥ ምስፋሕ የድሊ ኣሎ። እዚ ንምቅላል ሎሚ ዓመት መባእታ ቤት ትምህርቲ ዓዲ ንፋስ ናብ ማእከላይ ደረጃ ንምዕባይ ተወጢኑ ይርከብ። እዚ ኸሉ ጻዕሪ ተማሃሮ ብሓፈሻ፥ ደቀንስትዮ ከኣ ብፍላይ፥ ብስራ ራሕቂ ቦታ ካብ መኣዲ ዝገልል ከይርከብ ዝበል'ዩ። ብቤት ጽሕፈት ትምህርቲ'ቲ ንኡስ ዞባ፥ ምምሕዳር ከበቢታትን መሻርኽቲን ልዑል ጠመተ ተዋሂብዎ ምክትታልን ምቁጽጻርን እናተገበረሉ ከኣ ብዑቱብ ይሰርሓሉ ኣሎ።

ትምህርቲ ንጋብዩቲ'ውን ኣካል ናይ'ቲ ኣብ ትምህርቲ ዝፍጸም ዘሎ ወፍሪ እዩ፥ ምዕባለቲ ጋለንስተይቲ ምህናጽ ብቐንዱ ምዕባለቲ ሃገርን ሕብረተሰብን ምህናጽ'ዩ። ዝበዝሓ ተሳተፍቲ መደብ ምጥፋእ መሃይምነት'ቲ ንኡስ ዞባ ደቀንስትዮ እየን። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ 7 ምምሕዳር ከበቢታት 19 ነቑጣታት ክኸበራ ከለዋ፥ ዝበዝሓ ደቀንስትዮ ናብ ዝቕጽል ዝሓለፋሉ፥ ኣስታት 700 ተማሃሮ ነይሮም። ኣብ ትምህርቲ ንጋብዩቲ፥ ኣብ ንቕሓትን ተበግሶን ተማሃሮ ጸቡቕ ገምጋም ኣሎ። ቀጻጸርን ምክትታልን ምምሕዳራትን እውን ዕዙዝ'ዩ። ክጽሕፉን ከንብቡን ዘይክእላ ንኸይርከባ፥ ኣግላይርቲ፥ ማሕበራትምን ቤት ጽሕፈት ትምህርቲ ንኡስ ዞባን ብሓባር ዘካይድዎ ዳህሰሳን መጸናዕቲን ይቕጽል እዩ። እዚ ከሉ ተደሚሩ፥ መሃይምነት ነበረ-ነበር ዝበሃለሉ መድረኽ ዝቐረበ ይመስል።

ጕድኒ-ጕድኒ ትምህርቲ ንጋብዩቲ፥ ምሸታዊ ትምህርቲ ኣብ ዓረዛን ማይደማን ንፈተነ ተባሂሉ ብ8ይ ክፍሊ ጀሚሩ ኣሎ። እዚ መደብ ክጅመር ዝደረኸ ህላወ ሓይሊ መብርሂቲ ኣብዘን ቦታታት ኩይኑ፥ እቲ መደብ ብኸምቲ ጀሚርዎ ዘሎ ክቕጽል ውጥን ኣሎ።

ብቕዓት ትምህርቲ፥ በቶም ብሱምምሃርና ዝቕስሙ መምህራን፥ ቤተ-ፈተን፥ እኹል መማሃሪ ክፍልታትን ናውቲ መማሃሪን ወዘተ ተሳጺ ምስ ዝኸይድ ዝረጋገጽ'ዩ። ኣብያተ-ትምህርቲ'ዚ ንምምላእ ብርቱዕ ጻዕሪ የካይዳኳ እንተኾኑ፥ ኣብኦም ግቡእ ስሩምምህርና ከይቀሰሙ ዝምደቡ መምህራን ግን ርእዮ ኣለወን። ዚ ሽግር'ዚ ንምፍዋስ፥ ተመክሮ ዘድልዮም መምህራን ብምኩራት መምህራን ካብ ዞባ ብዝመጽኡ ክኢላታት፥ ብክላስተር ወዘተ. ኣብ መስርሕ ምምሃርን ምስትምሃርን ዝሕግዞም ስልጠናታት ይወሃቦም ኣሎ።

ዕቤት ዘርኢያ ኣብያተ ትምህርቲ ኣለዋ። እዞኣተን ካብ ግዜ ናብ ግዜ ጸቡቕ ወጽኢት እናመዝገባ ዝኸዳ ዘለዋ ኣለዋ። ንኣብነት፥ ንራሕቂ ጉዕዞ ተማሃሮ ንምቕላል ተባሂሉ ካብ መባእታ ናብ መባእታን ማእከላይን ደረጃ ዝጸበየ ኣብያተ-ትምህርቲ ዓዲ-ወሰኽን ላዕላይ ዓዲን ኣለዋ። ብዘይካ'ዚ፥ ብርክት ዝበለ መባእታ ደረጃ ካብ ዝተደኩላን ፍንትት ዝበለ ዓዲታት፥ ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ክፍሊ. መንበቲ ኣብያተ-ትምህርቲ ዝተኸፍተለን፥ ከምኡ'ውን ናብ መባእታ ደረጃ ክስጋገራ መደብ ዘለወን ኣለዋ።

ወጽኢት ሃገራዊ መርመራ ተማሃሮ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ (ማትሪክ)፥ ሓደ ካብ መለክዒ ብቕዓት ተማሃራይ እዩ። ኣብቲ ንኡስ ዞባ ከምቲ ዝጸዓረሉ ኣይኮነንምበር፥ ምስ ካልኦት ኣብያተ-ትምህርቲ'ቲ ዞባ ብምንጽጻር ካብ ግዜ ናብ ግዜ ደሓን ወጽኢት ይምዝገብ ምህላዉ. ይእመን። ኣብ ጀነራል ዝሓለፈ ዓመት 2159 ተማሃሮ ተሳቲፎም 57.1 ሚእታዊት ድማ ሓሊፎም። ሎሚ ዓመት ድማ 520 ደቀንስትዮ ዝርከብኦም 1288 ተማሃሮ ተሳቲፎም 60 ሚእታዊት ሓሊፎም። ኣብ ማትሪክ፥ ካብ ክልተ ኣብያተ-ትምህርቲ 525 ተማሃሮ ተሳቲፎም፥ ካብዚኦም 59 ተማሃሮ ናብ ኮለጅ ዘእቱ ነጥቢ ረኺቦም ሓሊፎም።

ተሳትፎ ደቀንስትዮ ካብ ቅድመ ትምህርቲ ክሳብ ካልኣይ ደረጃ፥ ኣብ ቅድመ ትምህርቲ 51 ሚእታዊት፣ ኣብ መባእታ 47 ሚእታዊት፣ ማእከላይ 42 ሚእታዊት፣ ኣብ ካልኣይ ደረጃ፥ 38 ሚእታዊት ኩይኑ ሎ። እዚ ብኣጠቓላሊ ክርአ ከሎ፥ 45 ሚእታዊት ተበጺሑ ኣሎ ማለት እዩ። ምኽንያት ማእከላይ ደረጃ ኣብ ዓዲ-ወሰኽ፥ ዓቢ ዓዲን ዝበን ደብሪን ተሳታፍነት ደቀንስትዮ ኣብ መኣዲ ትምህርቲ ክብ ከበሎ ክኢሉ ይርከብ። ኣብ ቀጻሊ'ውን ምስ ዕቤትን ዝርግሐን ኣብያተ-ትምህርቲ ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፥ ንተሳትፎ ደቀንስትዮ ካብዚ ዝለዓ ከበርኾ ትጽቢት ይግበር።

ንኣእምሮኣውን ምህላኣውን ስንክልና (ኣምስ) ዘለዎም ተማሃሮ ዝወሃብ ትምህርቲ እውን ኣሎ። ዕላማ ምኽፋትን ምስፋሕ ኣብያተ-ትምህርቲን ኣምስ ድማ፥ እዞም ተማሃሮ ብዘለዎም ባህርያዊ ስንክልና፥ ምስ ሰባት ዝህልዎም ምብህሃል ንምዕባይ፥ ድሌታቶም ተረዲእካ ንምትግባር፥ ቀስ ብቐስ ክምዕበሉ ዝኽእሉ ሜላታት ፈጢርካ ኣብ ሕብረተሰብ ከምዝሕቆፉ ንምግባር ወዘተ ዝዓለ'ዩ። በዚ መሰረት ንዕኦም ዘገልግል ኣብያተ ትምህርቲ ንምስፋሕ ከም መደብ ተታሒዙ ይሰርሓሉ ኣሎ። ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛውን ኣብ መባእታ ቤት ትምህርቲ ማይደማ ተጸጊዓ ንኣምስ እተገልግል ሓንቲ ቤት ትምህርቲ ኣላ። ሎሚ ዓመት ከኣ ንኻልኣይ ግዜኣ 12 ተማሃሮ ሓቝፉ ከተምህር ሓጊያ። ኣብ'ቲ ንኡስ ዞባ፥ ናይ ኣምስ ቤት ትምህርቲ ንምስፋሕ ናይ ክኢላን ትሕተ-ቕርጺን ብድህሪትኳ እንተሎ፥ ንግዜኡ ምስ ጥዑያት መሳቱኦም ተሓዊሶም ከምዝመሃሩ ይግበር ኣሎ። እዚ ከኣ ብውህደት ክመሃሩን መባእታዊ ክእለት ክፈልጡን ዝሕግዞም ዕድል ፈጢሩሎም ኣሎ።



ስሉሳዊ ዝምድና፥ መማህር፥ ተማሃራይን ወላዲን ዝሓቁፍ እዩ። ኣብ መስርሕ ምምሃር፥ ምስትምሃርን ምሕደራን ድማ ልዑል ደገፍ ኣለዎ። ብዘወኻሽ፥ ብስሉሳዊ ርክብ ሓላፊ ክፍሊ፥ ተማሃራይን ወላዲን ዝቖመት ካልእ ኮሚቲ'ውን ኣሎ። እዛ ኮሚቲ፥ ተማሃሮ ዘለዎም ጸገማትን ብልጫታትን እናመርመረት ወርሓዊ ርክብ ተካይድ። እዚ ሜላ ዝምድና ወለድን ኣብያተ ትምህርቲ ዘተኣማምን መሰረት ኣትሒዙ ጸቡቕ ክሰበም ዘኽእል'ዩ። ካልእ ኣብ ርሑቕ ገጠር ዝምህሩ መምህራን፥ ህዝቢ ብፍታዉ እኹል ብምውጻእ ሓደ



መም/ ተስፋሂወት ወልደገርግሽ

መኣዲ ከምዝህልዎም ናይ ምግባር ስጉምቲ፥ ካብ ዝጀምር ነዊሕ ገይሩ ኣሎ። ኣብ ዝሓለፈ ዓመት እንተድኣ ርኢና፥ ኣስታት 94 ኩንታል እኽሊ ካብ ህዝቢ ተዋጺኡ፥ ንቕሉብ መምህራን ተመቓሪሑ። መምህራን ብዋጋኦም፥ ኣብ ቀዳመሰንበት (ናይ ዕረፍቲ ግዜኦም) ብድሌቶምን ብዘበገሶምን ሓገዝ ትምህርቲ ዘድልዮም ተማሃሮ ብምልላይ ደገፍ ትምህርቲ ይህብሉም ኣለዉ። ማዕረ-ማዕረ'ዚ፥ ክፍሊ ምስ ክፍሊ ጀሚሩ ክሳብ ብደረጃ ዞባን ሃገርን ዝድይብ፥ ብስፖርቲ ተወሃሂዱ ዝኸይድ መደብ ክትዕ፥ ሓፈሻዊ ፍልጠት፥ ስፖርታዊ ንጥፈታት፥ ምህሮን ሰማንን ወዘተ. ዘጠቓልል ውድድራት ይካየድ እዩ።

መሳለጥያታት ትምህርቲ ዓንዲ ሕቖ ኣብያተ ትምህርቲ እዩ። ኣብ'ዚ ንኡስ ዞባ ድማ፥ 16 ኣብያተ ትምህርቲ ተጠቀምቲ ጸሓያዊ ጸዓት ኩይነን ኣለዋ። ካልእ፥ ተማሃሮ ብዓዘበሪ ዝመሃሩሉን ዋሕዲ ከምኒዩተራት ስለዘሎ፥ ፍታሕ ክናደየሉ ጻዕርታት ይግበር ኣሎ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ፥ ሰፊሕን ደረጃኡ ዝሓለወን ቤት ንባብ ዘለወን ሰለስተ ኣብያተ-ትምህርቲ ጥራይ'የን። ንሳተን ከኣ ኣብ ማእከላይን ካልኣይን ደረጃ ማይደማን ካልኣይ ደረጃ ዓረዛን'የን ዝርከባ። ዝተረፋ ኣብያተ-ትምህርቲ'ቲ ንኡስ ዞባ ቤት ንባብ ክህልወን ይጽዕር ኣሎ። ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ብዋንቐሙ፥ ባህሊ ንባብ ኣብ ተማሃሮ ንምኹስኳስ ምስ ኣብያተ-ትምህርቲ ብምውህሃድ፥ ንኡስ ማጠኒ ቤት ንባብ ክህሉ ዘኽእል ጻዕሪ ኣሎ። እዚ ከኣ፥ ነፍሲ-ወከፍ ቤት ትምህርቲ ንቤት ንባብ ዘገልግል ህንጻ ክሳብ ዝዋደደለ'ዩ። ድሮ'ውን እዚ መስርሕ ኣብ 10 ኣብያተ-ትምህርቲ ተኣታትዩ ይርከብ።

ኣብ ንኡስ ዞባ ዓረዛ፥ መደባት ምስፋሕ ቅድመ ትምህርቲ ይሰርሓሉ ኣሎ። እዚ ከኣ፥ ነቶም ካብ ርሑቕ ከበቢታት ብእግሮም ነዊሕ ተጓዒዞም ክመጹ ዝጽገሙ ተማሃሮ፥ መጸናዕቲ ኣካይድካ ኣብ ቀረባኦም ቤት ትምህርቲ ናይ ምህናጽ መደብ እዩ። ድሮ ኣብ ደርሁላሰ፥ ዒናወላት፥ ጸዕዳ ዓዲን ዓደስመሩን ናይ ቅድመ ትምህርቲ ንምኽፋት መስርሕ ተጀሚሩ ኣሎ። ኣብ ዐብልን ዓዲ ጕረቶን'ውን ተወሳኺ ቤት ትምህርቲ ካልኣይ ደረጃ ንምኽፋት መጽናዕቲ ተወዲኡ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ተሰጊሩ ይርከብ።




ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጶ. 1284

# ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ፡ ወግዓዊ ኣቀባብላ ተገይሩላ















ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ
ስእሊ - ኣብርሃም በየነ

# ሽባብ

ሃማመተኤ

ኣካዳሚ

## ምሕደራ ለውጢ

ሓንቲ ፍረ ማንጉስ ዝሓዘት ገረብ ነበረት። ናብ ገረብ መጺእካ ምጽዋት ዘደስቶ ቈልዓ ድማ ነበረ። እዚ ቈልዓ ፍረ ማንጉስ እናበልዐ ክጻወት ድሕሪ ምውዓል፡ ኣብ ጽላሎታ ቀም የብል። ንሳ ዓለሙ ድማ ኾነት። እቲ ቈልዓ ጎበዘ። ነታ ገረብ'ውን ረስዓ።

ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት እቲ ቈልዓ ብሕዙን ገጽ ናብታ ገረብ መጸ። ሕሉፍ ዝተዘከራ ገረብ "ናዓ ምስያ ተጻወት፡" በለቶ። "ግደፍና ኣነ ቈልዓ ኣይኮንኩን። መጻወቲ ክገዝእ ደልየ ኣለኹ። ገንዘብ ድማ የብለየን፡" በላ። እታ ገረብ ብድንጋጸ ድሕሪ ምጥማት፡ "ዝህበካ ገንዘብ የብለየን፡ ግን ማንጉሰይ ሸይጥካ ገንዘብ ግበር፡" በለቶ። ከምኡ ድማ ገበረ። እቲ ቈልዓ ደጊሙ ኣይተመልሰን። እታ ገረብ ከኣ ናብታ ዝነበረታ ሓዘን ተመልሰት።

ድሕሪ ግዜ እቲ ቈልዓ እኹል ሰብኣይ ኰይኑ መጸ። እታ ገረብ ተደሰተት። "ንዓ ምሳይ ተጻወት፡" በለቶ። "ብዙሕ ስራሕ ኣለኒ። ገዛ ክሰርሕ ስለ ዝደለኹ ገለ ዘይትሕግዘኒ?" በላ። "ገዛ የብለይን። ግን ጨናፍረይ ቀሪጽካ ውሰዶ። ብኡኡ ገዛ ትሰርሕ፡" በለቶ። ንሱ'ውን ከምኡ ገበረ። እቲ ቈልዓ በታ ዝመጽኣ ተመልሰ። እታ ገረብ ድማ ናብቲ ዝነበረቶ ናይ ሓዘን ዓለም ተመልሰት። ኣብ ሓደ ምውቕ ወቕቲ ሃንደበት እቲ ቈልዓ መጽአ። ከም ቀደማ ንኽጻወት ዓደመቶ። "ብጣዕሚ ሓዚነ'የ ዘለኹ። ሕጂ ህይወተይ ብምዝናይ ክሕልፎ'የ ዝደሊ። ጃልባ ብምስራሕ ከንሳፍፍ እደሊ ኣለኹ፡" በላ። ከም ወትሩ እታ ገረብ፡ ጉንዳ ወሲዱ ጃልባ ክሰርሕ ሓበረቶ። ከምኡ ድማ ገበረ። ድላዩ ምስ ረኸበ ሕቖኡ ሂብዋ ተዓዘረ። ነዊሕ ዓመታት ሓሊፉ እቲ ቈልዓ ኣይመጽኣን። ድሕሪ ነዊሕ ዓመታት ግን እቲ ቈልዓ ብእርጋንን ሕዙን መንፈን ናብታ ገረብ ገጹ መለሰ። እታ ገረብ ግን ኣይጸንሓቶን።

እቲ ቈልዓ በቲ ዝሕለፎ እዋናታ ደስታ ኣይተሰምዖን። ነቲ ኣብ ህይወቱ ዘጓንፎ ዝነበረ ለውጢ ዝህቦ ዝነበረ ግብረ መልሲ ደስቱኡ ዘቕውም ኣይነበረን። እቲ ቈልዓ ዝተፈላለየ ናይ ለውጢ ክስተታት ጕኒፎሞ'ዩም። ኣኣብ ግዚኡ ድማ ነቲ ለውጢ ዘድልዮ መሳርሒ ነይርዎ'ዩ። ግን ነቲ ናይ መወዳእታ ሽቶኡ ዘጓናጽፎ ኣይኮነን። ሓደ ነገር ጐዲልዎ ነይሩ። ምሕደራ ለውጢ!።

***

ቅድሚ ናብ ምሕደራ ለውጢ ምስጋርና፡ ለውጢ ንገዛእ ርእሱ እንታይ'ዩ? ዝተፈላለየ ደረጃ ኣረዳድኣ ስለ ዘለና ናብ ሓደ ደምዳሚ መግለጺ ዘይክንመጽእ ንኽእል ኢና። ካብ ስሙ ተበጊስና መግለጺ ክንህበሉ እንተፈቲና ግን ክንረዳዳእ ንኽእል ኢና። 'ለውጢ' ካብ ዝነበረካ'ዮ ኵነታዊ ህላዌ ናብ ካልእ ሓድሽ ኵነተ ህላዌ ምስግጋር ማለት'ዩ። እቲ ምስጋግር ድማ ወይ ንቕድሚት ወይ ንድሕሪት ክኸውን ይኽእል። ስለዚ ምሕደራ ለውጢ ማለት ንዝኽሰት ለውጢ፡ ከመይ ጌርና ንነብሰና፡ ትካልና፡ ከባቢና፡ ነዳልዋን ንድግፋን ዘድልያ መሳርሒ ንቕርበላን ማለት'ዩ። እንተኾነ ኵሉ ዝኽሰት ለውጢ ዝተፈላለየ ብምዃኑ፡ እንኽተሎ ናይ ለውጢ ምሕደራ'ውን ዝተፈላለየ እዩ። ኪኢላታት ካብ ውልቃዊ ክሳብ ትካላዊ ሰለስተ ደረጃ ምሕደራ ለውጢ ከም ዘለው ይገልጹ።

**ውልቃዊ ምሕደራ ለውጢ**

ደቂሰባት ብተፈጥሮና ብስነልቦናውን ፊዚዮሎጂያዊ ኵውንነት ንለውጢ ተጻረርቲ ኢና። ናብ ዝነበርናዮ ኵነታት'ውን ብቐሊሉ ተመለስቲ ኢና። ተደጋጋሚ ግዚ ንለውጢ ምስ እንቃላዕ ድማ ተላማማድትን ዕውታትን ኢና። ስለዚ ውልቃዊ ምሕደራ ለውጢ ሰባት ከመይ ዝበለ ተሞክሮ ለውጢ ከም ዘለዎም ምርዳእን ዕውት ለውጢ ክገብሩ እንታይ የድልዮም ምፍላጥን የድሊ። ከምኡ'ውን ዕውት ምስግጋር ክገብሩ እንታይ ዓይነት ሓገዝ የድልዮም ምፍላጥ ኣገዳሲ'ዩ። እንታይ ዓይነት መልእኽቲ ክሰምዑን ካብ መን ክሰምዕዎ ከም ዘለዎምን ምፍላጥ'ውን ሓጋዚ'ዩ። ሓድሽ ሞያን ባህርን ንኽሕዝ መዓስ ተሰልጥኖንን ምስቲ ዝኽሰት ለውጢ ጥበቐት ይህልዎን ምግባር ኣካል ውልቃዊ ምሕደራ ለውጢ'ዩ። ውልቃዊ ምሕደራ ለውጢ ኣብ ልቦናዊ ስርርዕ ስርዓት ብምሓዝ ውልቃዊ ለውጢ ምፍጣር ማለት'ዩ።

**ውድባዊ ምሕደራ ለውጢ/ እሙም ምሕደራ ለውጢ**

ኣብ ውልቃዊ ደረጃ ለውጢ ምስ ዝኽሰት፡ ኣብ ውልቃዊ ዝተመርኮሰ ጕጅላዊ ምሕደራ ለውጢ ክተካይድ ኣይክኣልን'ዩ። ስለዚ ውድባዊ ምሕደራ ለውጢ፡ በቲ ዝተኸስተ ለውጢ ክትንከፉ ንዝኽእሉ ኣማኢት ኣሽሓት ሰባት ከም ዝድገፉ ዝገብር'ዩ። ውድባዊ ምሕድራ ለውጢ፡ ዕውት ለውጢ ንክኽሰት ነቶም በቲ ለውጢ ዝጽለው ውልቀሰባት ብስልጠና፡ ብምንቕቓሕ፡ ብመሪሕነት ዝኣመሰሉ ምስቲ ዝኽሰት ለውጢ ውህደት ከም ዝፈጥሩ ምኽኣል'ዩ። ውልቀሰባት ዕውት ምስግጋራ ናብ ለውጢ ከም ዝገብሩ ምግባር ማእከል ስሕበት ውድባዊ ምሕደራ ለውጢ እዩ።

እቲ ብሳልሳይ ደረጃ ዝስራዕ ምሕደራ ለውጢ ናይ ዋኒን ምሕደራ ለውጢ'ዩ። እዚ ዓይነት ምሕደራ ብቑዕ ውዳበ ብምፍጣር ተወዳዳሪ ፍልልያትን ኣብ ተለዋዋጢት ዓለም ቅልጡፍ ውህደት ወይ ልሙድነት ንኽፍጠር ዝኽእል መሰርሕ'ዩ።

***

ኣብዛ ዘለናያ ዓለም ለውጢ ዘይተርፍ መስርሕ'ዩ። ሓድሽ ለውጢ ክኽሰት ከሎ ድማ ብዙሓት ሰባት ኣንፈት ምጥፋእ የርእዩ። ጠንቂ ናይዚ ድማ ንዝፍጠሩ ቀጻሊ ምዕባለታት ብዘይምንባብን ብዘይምርዳእን'ዩ። ገለን'ውን ነቲ ኹነታት ከምብብዎ ጸኒሖም፡ እቲ ለውጢ ምስ ዝኽሰት ድማ ምምካት ይስእንዎ። ነዚ ከምዚ ዓይነት ድማ እዩ ምሕደራ ለውጢ ዘድል'ዩ።

ኣብርሃም ዮሃንስ (ወዲ ዕቋር)

እዚ ተወርዋሪ ሓይሊ-ዓላ

## መገዲ ሓጐስን ዓወትን

ጀሚል ስዒድ

ኵሉ ሰብ፡ ብዘይ ተረፍ፡ ንሓጐስን ዓወትን ይደልየን እዩ። ሓጐስ፡ ናይ ደስታን ዕግበትን ኩነት እዩ። ሕጉስ ምዃን ጽቡቕ ስምዒትን ምልኣትን ምህላው ማለት'ዩ። ዓወት ከኣ ሓደ እወታዊ ነገር ምጒንጻፍ እዩ። ዕዉት ምዃን ናይ ምጒንጻፍን ዋንነትን ስምዒት ምህላው ማለት'ዩ። ዓወትን ሓጐስን ክልቲኦም ኵነተ-ኣእምሮ እዮም። ኣብ ኣተናን እምነትን ናይ ደላዩኦም ከኣ ይምርኰሱ።

ሓደ ኣብ ህይወቱ ክረኽቦም ዝደሊ ሰብ፡ ኣብ ገዛእ ነብሱ ይድለዮም። ብዛዕባ ዓወትን ሓጐስን ይሕሰብ። ብእወታዊ ኣመለኻኽታ ይወንኖም። ብእወታ ምሕሳብ ጥራይ ዘይኮነ፡ ብእወታ ግብራዊ ምዃን የድሊ። ብዙሓት ሓለንቲ፡ ቀዳመይቲ ስጒምቲ ከይሰጐሙዋ እንከለው ይወድቁ፣ ስለምታይ? ኣብ ገዛእ ርእሶም እምነት ስለ ዘይብሎም፣ ዝሓሰብዎ ኣብ ምዕራፉ ከብጽሕዎ ዝኽእሉ ዕዉታት ምዃኖም ኣይኣምኑን። እቲ ክዕወት'የ በሃሊ፡ ወትሩ ዕዉት እዩ። እዞም ከምዚኦም ዝበሉ ሰባት፡ ነቲ ዝሓለንዎ ከም ዝተዓወትዎ ገይሮም ብምሕሳብ ጒዕዞኦም ይፍልሙ።

ኣብዛ ዓለም፡ ካብ ስፍሓታ ዝዓቢ፡ ካብ ዕምቈታ ዝዓሙቕ፡ ዕድላት ዝመልኣት እያ። ዝጥቀመሎም ዝጽበዩ ዕድላት፡ ከም ሑጻ ባሕሪ ዘይተኣደኑ ሻሕ ኢሎም ኣለው። ከም ኣብ ፈልፋሊት ዒላ ማይ ምግላል እዩ። ሓደ ሳንኬሎ ምስ ቀዳሕካ ካልእ ሳንኬሎ ፈልፊሉ ይጸንሕ። ካብዚ ሻሕ ዝበለ ዕድላት፡ ዝቐደመ'ኳ እንተ ኣልዓል፡ ትሕቲኣ ካልእ ዕድል ቀቢራ'ያ ትጸንሕ። ኩቶ ኣይውዳእን። ብዙሓት ነዚ ሻሕ ዝበለ ዕድላት እዛ ዓለም ከይስተውዓሉ ረጊጾሞ ይሓልፉ። ገለኦም ከኣ ርእየሞ ክነሶም፡ ዕድላት ምዃኑ ኣይፈለጡን። እቶም ገለኦም ከኣ እናፈለጡ ኣየልዕልዎን። ነዞም ዕድላት ኣብ ረብሓኦም ንኸውዕልዎም ዘድልዮም ሓደ ነገር ጥራይ'ዩ። ንሱ ኸኣ ተበግሶ ምውሳድ። ካብ ሓሳባይ ናብ ተግባራይ ምስግጋር። ዝሓለኖ ብግብሪ ንምትርጓም ብትብዓት ዝብገስ ሰብ፡ ኣብ ህይወቱ ክበጽሖ ዝሓሰቦ ይበጽሕ፣ ዝበሃን ኸኣ ይረኽቦ። ዕዉትን ሕጉስን ምዃኑ ብምእማኑ፡ ሕጉስን ዕዉትን ይኸውን።

ሰብ ከም ሰብ ደኣ ይመሳሰል እምበር ፍጹም ሓደ ኣይኮነን። እኳ ደኣ ብኣንጻሩ ፍጹም ዝተፈልየ እዩ። ንስኻ እቲ እንኮ ንስኻ ኢኻ፣ ንስኺ እታ እንኮ ንስኺ ኢኺ፣ ንሱ እቲ እንኮ ንሱ'ዩ፣ ንሳ እታ እንኮ ንሳ'ያ። ቅድሚ ሚልዮናት ዓመታት ኣብዛ ዓለም ሰብ ነይሮም፣ ብሕጂ ሚልዮናት ዓመታት ከኣ ሰብ ክነብሩ እዮም። ሓደ'ኳ ዝድገም፡ ፍጹም ዝድገም፡ የለን። ኵሉ ሰብ ዝተፈልየ እዩ። ካልእ ንስኻ-ንስኺ-ንሱ-ንሳ-ኣነ ቀዲሙ ኣይተፈጥረን፣ ድሒሩ'ውን ኣይክፍጠርን እዩ። እቲ ሓደ ኣብ ዓለም ዘሎ ንዓኻ ዝመስል ሰብ ንስኻ ጥራይ ኢኻ። ከምቲ ንስኻ ካብ ካልኦት እተፈለኻ ዝኾንካ፡ ሓጐስን ዓወትን ንምርካብ እምበኣር ናትካ ዝተፈልየ ኣገባብ ኢኻ ትኽተል።

እዚ ክልተ ኣገዳሲ ኵነተ-ኣእምሮ፡ ኣብ ገንዘብ፡ ዝና፡ ደረጃ፡ … ኣይምርኰስን። ገንዘብ ይሃልዎ ኣይሃልዎ ኣየገድስን፣ ዝተፈለጠ ሰብ ይኹን ዘይተፈልጠ ኣየገድስን፣ ኣብ ከመይ ዝበለ ገዛ ትነብር ኣየገድስን፣ እንታይ ኣሎካን እንታይ ትሰርሕን'ውን ኣየገድስን። ጽቡቕ ስምዒትን ሓጐስን፡ ምስ ሙድ፡ ኣመለኻኽታ፡ ኣጠማምታ ገዛእ ርእስኻ፡ ስምዒትካ፡ ምስ ገዛእ ርእስኻ ዘህሉወካ ቅንዕናን ማሕበራዊ ተዛምዶኻን ይተሓሓዝ። ሕጉስ ብምዃን ዝርከብ ሃሴት፡ ብስምዒታውነት፡ መንፈሳውን ማሕበራውን ዝተወሃሃደ ድምጺ ይፍጠር።

ጽቡቕ ስምዒትን ሓጐስን ካብ ውሽጥኻ'ዩ ዝጅምር። ሓደ እዋን ኣብ ቤት ጽሕፈተይ "ሰባት ሓጐስ ንምርካብ፡ መገዲ ዓመት ይጒዓዙ። እንተኾነ፡ ሓጐሲ ኣብ ውስጦም ምስኦም'ያ ዝነበረት፡" እትብል ጥቕሲ ኣብ መንደቕ ተለጢፋ ነበረት። ሓንቲ ተገልጋሊት ኣደ፡ ጠለባ ክሳዕ ነሳልጠላ ነታ ጽሕፍቲ ብኣስተንትኖ ከተንብብ ምስ ኣስውዓልኩ፡ ስምዒት እንተ ሂባታ ሓተትኩዋ። "ቀደም ካብ ዓዲ ከተማ ኣትየ እንተ ተቐሚጠ ፍጹም ሕጉስቲ ዝኸውን ይመስለኒ ነይሩ። ከተማ ኣትየ ኣይተሓጐስኩን። ሱዳን እንተ ኸይደ ዝሕጐስ ይመስለኒ ነይሩ፣ ከይደ ኣይተሓጐስኩን። ሱዕድያ ሰጊረ፡ ብእኡ ኣቢለ ዓዲ እንግሊዝ ኣትየ፣ ግን ኣይተሓጐስኩን። ክሳዕ ሕጂ ኣብ ስደት ኣለኹ። እቲ ተሰዲደ ዝረኽቦ ዝመስለኒ ዝነበረ ሓጐስ ኣይረኸብኩዎን። ድሕሪ እዚ ኹሉ ናይ ኲለል ዓመታት ዝተመሃርኩዎ እንተ'ሎ፡ ኣበይ ኣለኻ ብዘየገድስ፡ ንኽትሕጐስን ዘይክትሕጐስን ኣባኻ'ዩ ዝምርኰስ።"

ጽቡቕ ስምዒትን ሓጐስን፤ ብትሓስበሉ ኣገባብ፡ ብትኣምነሉ ኣገባብ፡ ብግብሪ ትቕይረሉ ኣገባብ'ዩ ዘጒላዕልዕ። ሓደ ሓደ መሰረታውያን ጠለባትና ኣብ እንረኽበሉ እዋን ኣብ ጽቡቕ ስምዒት ዘሎ ደስታ ንምኩሮ ኢና። ገለ ካብቶም መሰረታውያን ጠለባት እዞም ዝስዕቡ ንርአ፤

- ብንስነትካ ምሕባን፡ ነብስኻ ምኽባርን ምፍቃርን
- እምነትካ፡ መትከላትካን ክብሪኻን ብምንጻር
- ንኻልኦት ብምፍቃር፡ ብምሕላይ፡ ግዜኻ ብምውፋይን
- ብዝተኻእለና መጠን ነብስና ምፍላጣን ምርዳእን፣ ነቲ ዘይፍቶ ወገና እንተ ኾነ ብምቕባል
- ብተውህቦናን ክእለትናን ነቲ ጫፍ ተኽእሎታት ንምብጻሕ ብእምነት ምዕያይ
- ብርእሰ-ተኣማማንነት ምፍታን
- ናይ ህይወትና ሓላፍነት ምውሳድን ህይወትና ብምሉእ ብምንባርን።

መገዲ ህይወት ዕንቅፋት ዝበዝሖ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ዕንቅፋት ተስፋ ከቑርጽ ኣይግባእን። ዕንቅፋትን ሕማቕ ዕድልን መደልደሊና፡ መበርትዒና እዮም። ብዘይ ብእኦም ህይወት ምልእቲ ኣይኮነትን። መምልኢ ዓንኬልና ንግበሮም። ህይወት ብተፈጥሮኣ ዕድላትን ብድሆታትን እያ። ንተፈጥሮኣ ክንቅየሮ ኣይንኽእልን። ገዛእ ርእስና ግን ክንቅይር ንኽእል። ህይወትና ንንበሮ። ሸቶና ንምብጻሕ ስኒ ንንከስ፣ እወታዊ ተበግሶ ምውሳድ ኣይንድሓር። ካብ ኣብ ተመሳሳሊ ደረጃ ዘለው ሰባት ነብስና ክብ ኢላ እንተ ርኢናያ፡ ብኞዓት፡ ብልሒን ክእለትን ዝዓጠቐት ኰይና ክትጸንሓና እያ። ሓጐስን ዓወትን ንምጒንጻፍ ድማ ክሕግዘና እዩ።

# ሓሳባት

## ሕብረተሰባት ካበይ ናበይ ብኸመይ?

<u>ሲራክ ክፍለ</u>
<u>መበል 25 ክፋል</u>

*ኣብ ዝሓለፈ ክፋላት ናይዚ ጽሑፍ'ዚ 'ሕብረተሰባት ኣብ ቀጻሊ ምዕባለ' ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ማሕበረሰብ እንታይ ማለት ምዃኑን ንማሕበረሰብ ዘቖሙ ደንበታትን ክብርታትን ኣገባባትን ኣዝቲብና። ቀጺልና ብዛዕባ ማሕበራዊ ውዳባ ማሕበራዊ ውድባትን ትካላትን ከምኡ'ውን ብዛዕባ ዕብለላ ሰልጣንን ምምዳብ ጸጋታትን፣ ብዛዕባ ውልቃዊን ሓባራዊን ድልየታት ኣብ ውሽጢ ሓደ ማሕበረሰብ ገሊጽና ነይርና። መቐጸልታኡ ይስዕብ–*

***

**ተራ ማሕበራዊ ውዳባ ኣብ ድልየት/ትጽቢት ማሕበረሰብ**

ኣብዚ ዘለናዮ መዋእል ብዙሓትን ዝተፈላለዩ ዓይነትን ንኣሽቱን ማሕበራዊ ውዳበታት ኣለዉ። ብዓለም፣ ብኣህጉር፣ ብዞባ፣ ብከተማ፣ ብሃገራት ደረጃ ዝቖሙ ውዳበታት ሃለዉም ኣብዚ ጽሑፍና ግን ቀንዲ እነተኩረሉ ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ልኡላዊት ሃገር ወይ ምስኣ ዝተሓሓዙ ክህልዉ ዝኽእሉ ማሕበራዊ ውዳበታት እዩ።

ኣብ ሓንቲ ሃገር እቲ ዝዓበየ፣ ዝሰፍሐን ዝለዓለን ማሕበራዊ ውዳብ መንግስቲ እዩ። ንሓንቲ ልኡላዊት ሃገር ደማ ልዕሊ መንግስቲ ዝወከለ ካልእ ሕጋዊ ኣካል የለን። ገለ ናይ ስነ-ሰብ ክኢላታት፣ 'እታ መጀመርታ ኣሃዱ ማሕበራዊ ውዳብ ስድራ-ቤት እያ፣' ክብሉ እንከለዉ፣ ገለ ደማ 'ስድራ-ቤት ማሕበራዊ ውዳብ ኣይኮነትን' ይብሉ። ኣብዚ ምሁራዊ ክትዕ ምእታው ኣየድልየናን። እቲ ቀንዲ እንገደሰሉ ብዛዕባ ማሕበራዊ ውዳብ ኮይኑ፣ ንማሕበራዊ ውዳብ ደማ ኣብ ሰለስተ ንኸፍሎ–

1. መንግስቲ
2. ፖለቲካዊ ውድባት
3. ወለንታዊ-ማሕበረሰብ

ከም ኣምር መንግስትን ፖለቲካዊ ውድባትን ትርጉሙ ንጹር ስለዝኾነ ኣብዚ ብዙሕ መብርሂ ኣየድልየናን እዩ። ወለንታዊ-ማሕበረሰብ (Civil Society) ክንብል እንከለና ከኣ ንኹሉ ማሕበራዊ ውዳበታት ዘጠቓልል ኮይኑ፣ ንስድራቤት፣ መንግስቲ፣ ፖለቲካዊ ውድባት፣ እምነትን ቤት እምነትን ግን ኣየጠቓልልን። ወለንታዊ-ማሕበረሰብ ውልቀሰባት ድልየቶም/ትጽቢቶም ንምምላእ ምስ ተመሳሳሊ ድልየት/ትጽቢት ዘለዎም ውልቀሰባት ብምትሕብባር ብወለንታ ዘቖምዎ ግዚያዊ ወይ ቀዋሚ ውዳብ እዩ። ካብ ጥንቲ ኣትሒዙ ይዕበ ይንኣስ ከምዚ ዓይነት ወለንታዊያን-ማሕበረሰባት ነይሮም እዮም።

ኣብዚ ዘለናዮ እዋናት ናይ ምዕራብ ኣክትቪስት፣ ማሕበራት ግብረ-ሰናይን መንግስታትን ኣብ ኣፍሪቃ ዝተፈላለዩ ማሕበራዊ ውዳበታት - ፖለቲካዊ ሰልፍታት፣ ማሕበራት ሰብኣዊ-መሰል፣ ደሞክራሲ፣ ዘረጋግጹ/ዝሕልዉ ማሕበራት ወዘተ. - ከምስረታን ክሞጥጥሓን ጠለብን ደፍኖን ይገብሩ እዮም። ብዛዕባ'ዚ ኣብ ዝቕጽል ጽሑፋትና ክንድህስስ ኢና። ኣብዚ ግን ንድሕሪት ምልስ ኢልና ኣብ ምዕራብ ማሕበራዊ ውዳበታት ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ሰልፊታት ብኸመይ ማዕበለን ብሓጺሩ ክንድህስስ ክንፍትን።

ኣብ ኣውሮጳ ይኹን ሕብረት




መንግስታት ኣመሪካ ፖለቲካዊ ሰልፍታት እንተኣውሓ ኣብ 19 ክፍለ ዘመን እዩን ጀሚረን። እተን ሽዑ ዝጀመራ ደማ ምስዘን ናይ ሎሚ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ዝመሳሰል የብለንን። ይኹን'ምበር ፖለቲካዊ ሰልፍታት ነዊሕ ዕድመ ከምዘለወን ንምምሳል 'ቅድሚ 200 ዓመት ዝቖምና ኢና' ክብላ ይሰምዓ እየን። እዘን ጸኒሐን ኣብ ፖለቲካዊ ሰልፈታት ዝተቐየራ፣ ኣብ መጀመርታ "ንጹል ድልየት/ትጽቢት" ከማልኣ ዝተበጽሓ እየን ነይረን። ገሊአን ኣብ ናይ ባይቶ ወይ ፕረዚደንታዊ ምርጫ ሓባራዊ ሕጹይ ንምድጋፍ፣ ገለ ደማ ምስ ማሕበር ሓረስቶት ወይ ሸቃሎ ዝተሓሓዘ "ንጹል" ዛዕባ (ኣጀንዳ) ዝነበረን እየን። ኣብ ማእርሕ ናይ ዓሰርተታት ዓመታት ብብቕሩብ እናማዕበላ ኑቲ "ንጹል ዕላማ" ብምስፋሕ ናብዚ ሎሚ እንርእየን ዘለና ዓይነት ሰልፈታት ዝተቐየራ እየን። ኣብቲ ናይ መጀመርታ መድረኽ ንጹር "ፖለቲካዊን ማሕበረቁጠባውን ፕሮግራም"፣ "ማሰል ዜጋታት"፣ "ድሕነት ከባቢ" ወዘተ. ዝብል ንጹር መደብ ዝነበራ ፖለቲካዊ ሰልፈ ኣይነበረትን። ከምዚ ዓይነት ፕሮግራማት፣ ኣብ ውሑዳት ሃገራት ድሕሪ ቀዳማይ ውግእ ዓለም፣ ብበዝሒ ደማ ድሕሪ ካልኣይ ውግእ ዓለም ዝማዕበለ እዩ። ኣብዚ እቲ ኣገዳሲ ነጥቢ ናይ የማን ይኹን ናይ ጸጋም ፖለቲካዊ ሰልፈታት ንኸምዕብላ ዘመናት ከምዝወሰደ ንምንጻር ጥራይ እዩ።

ምዕራባውያን'ዚ ታሪኽም'ዚ ረሲዖም፣ ኣብ ኣፍሪቃ ይትረፍዶ እቲ ዝጠዘሐ ህዝቢ እቲ ምሁር ዝበሃል ኣካል ከይተዓለመ ፖለቲካዊ ሰልፈታት ክምስረታ፣ ምዕቡል ፕሮግራማት ብሓደ ረፍዲ ከተግብራ የደፋፍኡወን። ህዝቢ ኣፍሪቃ ከምቲ ኣብ ኖርወይ ወይ ካልእ ኤውሮጳዊት ሃገር ዘሎ ኣብ ሓሳብ ዝምርኮስ ምዕቡል ፖለቲካዊ ሰልፍታት፣ መሰላት፣ መታብር ክህልዎ ዘይትምን ኣይኮነን። እንተኾነ ከም ተክኖሎጂ (ንኣብነት ናይ ሓበሬታ ተክኖሎጂ) ውሑዳት ሰባት ኣሰልጢንካ ኣብ ሓጺር እዋን ከተተኣታትዎ ዘከኣል ኣይኮነን። ማሕበረ ፖለቲካዊ ውዳበታት ውሑዳት ኣሰልጢንካ ባህሊ ክትገብሮ እንተዘከኣል ኣይምተጸልኣን። እቲ ጸገም ግን ትምኒትን ኣብ ባይታ ዘሎ ኩነታትን በጢዩ ምኻኑ እዩ።

ኣብ ኣፍሪቃ ድሕሪ ናጽነት ፖለቲካውያን ሰልፈታት ቀይመን። ኣብ ብዙሓት ሃገራት 'ፍትሓውን ርትዓውን' ዝበሃል ምርጫ ተኻይዱ ወጽኢቱ ደማ ኩሉ ዝፈልጦ እዩ። እኹል ኣብነታት ኣቕዲምና ብዝርዝር ኣቕሪብና ኢና። እቲ ኣገዳሲ ሕቶ ሃገራት ኣፍሪቃ (ኤርትራ እውን ብዝመሳሰለ) ከምቲ ናይ ዝሓለፈ 30፣ 50፣ 70 ዓመታትዶ ይቕጽላ? ወይስ ኣብ ጭብጥ ኩነታት ሃገራት ዝተሞርኮሰን ረብሓ ህዝቢ ዘረጋግጽን ቅዋም፣ ምስ ኩነታተን ዘሰማምዕ ቅርጺ መንግስቲ፣ ብሓሳብ ዝወዳደራ ፖለቲካዊ ሰልፍታት ብምቛም፣ ሓቀኛ፣ ፍትሓውን ርትዓውን ምርጫ ብምክያድ፣ ናይ ብሓቂ ማሰል ዜጋታት ብዝሰፍሐ ትርጉሙ ከረጋግጻ ይኻኣሎ? ዝብል ሕቶ እዩ።

ምዕራባውያን ፍትሐ፣ ማዕርነት፣ መሰል፣ ደሞክራሲ ወዘተ. ብቐጻሊት ዘረጋግጹ ዝብልዎ ብዙሕ ሓሳባት ኣቕሪቦም እዮም። ብፍላይ ኣብዚ ዝሓለፈ 30 ዓመታት ተኣምራታዊ ለውጢ ከምጽኣ ዝኽእላ ወለንታዊ-ማሕበረሰባት እየን እናበሉ ብዙሕ ሰቢኾም እዮም። ወጽኢቱ ደማ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ተራእዩ እዩ። ብፍላይ ኣብዚ ዝሓለፈ 10 ዓመታት፣ ብዘየወላውል መልክዑ፣ ኣብ ኣልጀርያ፣ ግብጺ፣ ሊብያን ካልእን ኣቋራጭ መገዲ ዝበሃል ከምዝዘለ ርኢናዮ ኢና። ሐደት ኣክትቪስት ወዲብካ ብመራኸቢ ብዙሓን ዝድገፍ ናዕቢ ምጅማር ቀሊል ክኸውን ይኽእል እዩ። መሰረታዊ ነባሪ ለውጢ ግን ከምጽእ ዝኽእል ከምዘይኮነ ብግብሪ ተራእዩ ኣሎ።

መሰረታዊ ለውጢ፣ መሰረታዊ ስራሕን ጻዕርን ይሓትት። ከም መበሲ ደማ ናይ ብሓቂ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ዝሕግዝ ኣቃውማን ተልእኾን ወለንታዊ-ማሕበረሰብ ከመይ ክኸውን ከምዘየኽእ ክንድህስስ።

ከምቲ ምዕራባውያን ዝብልዎ ወለንታዊ-ማሕበረሰብ (Civil Society) ንፖለተካዊ፣ ቁጠባዊ፣ ማሕበራዊ፣ ከባብያዊ ምዕባለ ሃገራት ሓጋዚ እዩ። እቲ ኣገዳሲ ሕቶ ግን ኣቃውማን ተልእኾን ወለንታዊ-ማሕበረሰባት እዩ። ሎሚ ኣብ ኣፍሪቃ ዘለዋ መብዛሕትአን ወለንታውያን -ማሕበረሰባት ብኣዝዮም ውሑዳት ውልቀሰባት ዝምርሓን ብዙሓት ካብኣተን ደማ ብናይ ወጻኢ ሓይልታት ዝምወላን ኮይነን፤ መተካእታ መንግስቲ ክኾና ዝደለያ ዘምስላን ኩሉ ዓይነት ተልእኾ ዘጠቓልላ እየን። መተካእታ መንግስቲ ዝመስል ተልእኾ ዘለወን ወለንታውያን-ማሕበረሰባት ደማ ብመንግስቲ ይኹን ህዝቢ ብዓይኒ ጥርጣረ ክርእያን ተቓውሞ ኪጋጥመንን ግድነት እዩ።

ኣብዚ ጽሑፍ'ዚ ነቕርቦ ሓሳብ ብዛዕባ ወለንታዊ-ማሕበረሰባት ኣብ "ንጹል" ተልእኾ ዘተኮረ ኮይኑ፣ ኣብኡ ደማ ኣብቲ "ንጹል" ተልእኾ ረብሓ ማለት ድልየትን ትጽቢትን ዘለዎም ኮይኖም




ዕላማኦም ደማ ምስቲ "ንጹል" ተልእኾ ዝተሓሓዘ ምግባር እዩ። እዚ ማለት ደቀንስትዮ፣ ሓረስቶት፣ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፣ ሸቃሎ፣ ተመሃሮ፣ ነጋዶ፣ ሓካይም፣ መምህራን ወዘተ. ናይ ገዛእ ርእሶም ወለንታዊ-ማሕበረሰባት ዘቖምዎ ማለት ኮይኑ ተልእኾ ማሕበሮም ደማ ምስቲ "ሞያኦም" ዝተሓሓዘ ጥራይ እዩ። ንዕኡ ከደንፍዑ ጥራይ ደማ ይሰርሑ። ከምዚኦም ዓይነት ወለንታውያን -ማሕበረሰባት "መሰል" ኣባላቶም ከጽኑን ክሓቱን ኣባላቶም ዝምዕበሉ ባይታ ከጣጥሑ፣ ንመንግስቲ ይኹን ፖለቲካዊ ውድባት፣ ብቐጥታ ምስ ሞያኦም ዝተሓሓዘ ፖሊሲ ኣብ ምውጻእ ሃናጺ ርእይቶታት ከቕርቡ፣ ብሓጺሩ ኣብ ሞያ ዘተኮረ ጥራይ ዝሰርሑ እንተኾይናም መንግስቲ ይኹን ህዝቢ ክተሓባበሮም ዝሓሸ ዕድል ኣሎ። ኣብ ከምዚ ዓይነት ወለንታዊ-ማሕበረሰባት ኩሎም ኣባላት ማሕበረሰብ (ሃገር) ብሓደ ወይ ብኻልእ መገዲ ስለዝሳተፍዎ፣ ንቕሓት ማሕበረሰብ ክብ ኣብ ምባል ክህልዎ ዝኽእል ተራ ዓቢ እዩ።

እዚ ዓይነት ውዳብ ወለንታዊ-ማሕበረሰባት፣ ካብቲ ብበዝሒ ኣብ ኣፍሪቃ ዝርአ ሓፈሻዊ "ሰብኣዊ መሰላት" ዝብል ማሕበራት ኣዝዩ ዝለዓለ ወጽኢት ይህልዎ። ከመይሲ፣ ኣባላቱ ንውልቃዊ ረብሓ (ገዛእቲ፣ ተፈላጥነት ወዘተ.) ዝሰርሑ ውሑዳት ኣክቲቪስት ዘይኮኑ፣ እቲ ዝሓትዎ መሰል ብቐጥታ ምስ ህይወቶም ስለዝተሓሓዘ። ከምኡ'ውን ከምዚ ዓይነት ውዳብ ወለንታዊ-ማሕበረሰባት፣ ነቲ "ዓለምለኻዊ ድንጋገ ሰብኣዊ መሰላት" ዝበሃል ካብ ባዶ ጭርሖ ዝኸውን ብቐጥታ ምስ ድልየት/ትጽቢት ሰባት ተተሓሒዙ ወጽኢታዊ ክኸውን ይሕግዝ። እዚ ከም መጽተዊ ኮይኑ ኣብ ኤርትራ ከመይ ይመስል ብሰፊሕ ኣብ ዝስዕብ ጽሑፋትና ክንዝምለሶ ኢና።

ቀጺልና ወለንታዊ-ማሕበረሰባት ኣብ ማሕበረሰብ ክለዓሉ ዝኽእሉ ግርጭታት ብሃናጽን ወጽኢታውን መልክዕ ምፍትሐ ብኸመይ ክሕግዝ ከምዝኽእል ክንድህስስ ኢና።

**ተራ ወለንታዊ-ማሕበረሰብ ኣብ ምንጻርን ምፍታሕን ማሕበራዊ ግርጭት**

ብሓፈሻ ማሕበራዊ ግርጭት ኣብ ሰለስተ ከፊልካ ምርኣዩ ሓጋዚ እዩ፡

1. ናይ ድልየት/ትጽቢት ግርጭት፦ መሰረታዊ ድልየታት/ትጽቢታት ወይ ላዕለዎት ድልየታት
2. መዋቕራዊ ግርጭት፦ ማሕበራዊ ደንቢ (ብቐንዱ ክብሪ)፣ ምምሕዳራዊ፣ ቅርጻዊ (ብቐንዱ ብመድረኽ ዝምዘኑ) ጉዳይ ሰናይ ምሕደራ (Governance)።
3. ግዳማዊ ግርጭት፦ (ሃገር ምስ ካልኦት ሃገራት፣ ኣህጉራዊ ውድባት)



እዞም ሰለስተ ዓይነት ግርጭታት ፈላሊኻ ምርኣዮም፣ ንግርጭታት ካብ ስምዒት ወጺእካ ብስነ-መጎታዊ (logical) መገዲ ንምፍታሕ ሓጋዚ እዩ። እዞም ሰለስተ ዓይነት ግርጭታት ፈላሊኻ ምርኣዮም እንታይ ማለት እዩ? ምፍልላዮም'ከ ይከኣል ድዩ? ብስነ-መጎታዊ መገዲ ምፍታሕ'ከ እንታይ ማለት እዩ? ስምዒት'ከ እንታይ ማለት እዩ? ብኸመይ'ከ ንግርጭት ይጸሉ? ዝብሉ ሕቶታት ክለዓሉ ንቡር እዩ። ነዚኣቶም ብቕድም ተኸቲልና ኣብ ዝቕጽል ጽሑፍና ክንድህሰሶም ኢና።

**ይቕጽል . . .**

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ዕላል ተመክሮ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ሓፈሻዊ ዉድድር ቡያ |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:40 | ዕላል ጥበባት |
| 14:20 | ተክ-ኢንሳይት |
| 14:45 | ፓኖራማ |
| 15:30 | ናትራን 1ይ ክፋል |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ሌላ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:40 | ናትራን 2ይ ክፋል |
| 19:15 | ፊዮሪና |
| 20:00 | ዜና (ትግረ) |
| 20:15 | ተኸታታሊት ፊልም ዕርፊ |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | ተኸታታሊት ፊልም መስተንክር |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:15 | ጽባቐ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |
| 22:40 | እትመት ሲት-ኮም |

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሰምራዊት መለስ

Bisha Mining Share Company
P.O. Box 4276
Asmara
Eritrea

Tel: (+291) 1124941
Fax: (+291) 1124941
www.bishamining.com

## VACANCY ANNOUNCEMENT

**Bisha Mining Share Company is inviting applicants for the following position for Bisha site project.**

**Position: Exploration Technician**
**Department: Exploration**
**Number Required: One (01)**

**Primary Purpose**

- To provide support and assistance to geologists with day-to-day exploration work in Field, core shed, office and to execute sample preparation at Exploration Laboratory

**Main Function**

- Geologist Support
- Sample preparation
- Supervision
- Health and Safety

**Unique Requirement**

- Must be a multi-tasker to handle the positions responsibilities and ensure that Exploration programs can be completed on time and to standards required. Inability to do this can lead to substantial delays that could have substantial impact on Exploration's ability to complete required programs and have a substantial financial cost.
- Candidates must be physically and medically fit.

| |
|---|
| **Qualifications:** |
| • High school complete (Grade 12)<br>• Diploma in Technical School will be an added advantage |
| **Knowledge and Experience:** |
| • Valid Eritrean Driver's License |
| • 1 Year Experience in Exploration environment will be an advantage |
| • Experience in Core handling will be an advantage |
| • Experience as Geo-Technician or field assistant will be an advantage |

| Technical Skills | Behavioral Skills |
|---|---|
| • Computer Literacy (MS Office – Intermediate)<br>• Ability to operate GPS, XRF and MUG-SUS<br>• Knowledge of Exploration policies, procedures and processes<br>• Knowledge of Laboratory equipment advantageous<br>• Knowledge of Health and Safety policies and procedures | • Communication (English and Local language)<br>• Interpersonal relations skills<br>• Ability to do physical hard work<br>• Team work<br>• Motivational<br>• Deadline driven |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work: Bisha.**
- **Salary: As per Company salary scale.**
- **Type of Contract: Indefinite**

**Additional requirement for Nationals:**

- **Having fulfilled his/her National Service obligation and provided evidence of release paper from the Ministry of Defense.**
- **Present clearance paper from current/last employer.**
- **Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card etc.)**
- **Only shortlisted applicants will be considered as potential candidates for an interview.**
- **Application documents will not be returned to the sender.**
- **All applications should be sent through the post office.**
- **Deadline for application: 10 days from the day of publication in the Newspaper.**

**Address: Please mail your applications to: -**

- **Bisha Mining Share Company,**
- **P. O. Box 4276 Asmara, Eritrea**

**Note to Eritrean applicants:**
**Please send a copy of your application**

1. **Aliens Employment permits Affairs,**
   **P. O. Box 7940**
   **Asmara, Eritrea.**
2. **Mineral Resources Management**
   **P. O. Box 272**
   **Asmara, Eritrea**

---

ኣብ ዞባ ማእከል ማ/ከተማ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ ሳም ቁ.ገዛ 126 ብቁ/ፍቓድ ዋኒን ASL00030737 ናይ መሸጣ ቤትሮ ትካላት ንኣቶ ወልዱ ክብሮም ሓድገ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ዕዳጋ ሓሙስ ጎደና ማይ ሳም ቁ.ገዛ 126 ብዕለት 05/07/2024 ቁ.መዝ 203/2024 ብውህብቶ ስለዘሕለፎም፡ ብስም ወሃቢ ዝኸፈሎ ዕዳ ኣሎኒ ወይ ይግብኣኒ እዩ ዝብል ኣካል እንተደኣ ሃልዩ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ንዘለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ። እንተዘይቀሪቡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ ናብ ስም ወህብቶ ተረካቢ ከምዝመሓላለፍ ነፍልጥ።

ቅዱሳን ሓድገ ሃብተጼን

---

ኣነ ኣቶ ፍስሃ ወልደ ባርያይ ኣብ ከተማ ከረን ዞባ ዓንሰባ ዝርከብ ብቁ/ፍቓድ ንግዲ KEL00008050 ቁ/መዝ/KER00007141 ዝተመዝገበ ትካል መሸጢ ሃለኽቲ ኣቕሑ ትካለይ፡ ንኣቶ ኤፍሬም ቦኽረጽዮን ኣብርሀ ኣካርየ ስለዘለኹ፡ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ እዚ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ወሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዳእታ ውሳነ ሒዙ ይቕረብ። እንተዘይቀሪቡ ግን ዝቃወም ከምዘየለ ተቖጺሩ ስም ምዝገባ ክፍጸም ምኽንያይ እሕብር።

ኣቶ ፍስሃ ወልደ ባርያይ

---


ንሕና ኢ.ንጂ/ የሃንስ ሃይለ ወልዱን ወ/ሮ ኣብረሀት ኣርኣያ ወልደማርያምን ዝተበሃልና ሰብ ሓዳር፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ገጀረት ጎደና ዚፕ ኮድ 1A171 ቁ.ገዛ 1 ፕሎት 61 ፓርሰል F ስፍሓት መሬት 1036 ት/ሜ ቁ.ምዝገባ ንብረት (ካዳስተር) 1፡015350 ናይ ኮ/ኣባይቲ ምስክር ዋንነት (ሊብሬቶ) 00004960 መወከሲ. ቁ. ብስም ኢ.ንጂ፡ የሃንስ ሃይለ ወልዱ ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት G+1ዝዓይነቱ፡ ገዛ ብህያብ ንደቅና 1. ሄለን የሃንስ ሃይለ 2. ሊያ የሃንስ ሃይለ 3. ማሰፍን የሃንስ ሃይለ ስለዝሃብናዮም፡ ዝቃወም እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርዮ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ክፍጸም ምኻኑ ንሕብር።

ኢ.ንጂ/ የሃንስ ሃይለ ወልዱን ኣብረሀት ኣርኣያ ወልደማርያምን
(ብወከልቲ ክብረኣብ ሃብተሚካኤል)

---

ንሕና ኢ.ንጂ/ የሃንስ ሃይለ ወልዱን ወ/ሮ ኣብረሀት ኣርኣያ ወልደማርያምን ዝተበሃልና ሰብ ሓዳር፡ ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ቲራቮሎ ጎደና ሓራካ ዚፕ ኮድ 1A176 ቁ.ገዛ 3 ፕሎት 41 ፓርሰል B ስፍሓት መሬት 714 ት/ሜ ቁ.ምዝገባ ንብረት (ካዳስተር) 1፡005080/2 ናይ ኮ/ኣባይቲ ምስክር ዋንነት (ሊብሬቶ) 00022219 መወከሲ. ቁ. ተመዝጊቡ ዝርከብ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ቪላ ዝዓይነቱ፡ ገዛ ብስምና ዝተመዝገበ፡ ብህያብ ንደቅና 1.ሄለን የሃንስ ሃይለ 2. ሊያ የሃንስ ሃይለ 3. ማሰፍን የሃንስ ሃይለ ስለዝሃብናዮም፡ ዝቃወም እንተልዩ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዘፍቅዶ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታርዮ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር ይቕረብ። ተቓውሞ እንተዘይቀሪቡ፡ ግን ኦርጂናል ሰነዳትና ኣቕሪብና ክፍጸም ምኻኑ ንሕብር።

ኢ.ንጂ/ የሃንስ ሃይለ ወልዱን ኣብረሀት ኣርኣያ ወልደማርያምን
(ብወከልቲ ክብረኣብ ሃብተሚካኤል)



# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ናትናኤል፡ 10ይ ደረጃ ኣትዩ




ኣብ ለድል ትረክ ናትናኤል ተስፋጼን ትማሊ ኣብ ካልኣይቲ መድረኽ ዙር ጃዋንግጂ፡ 10ይ ኣትዩ።

ካብ ትሓት ብራኽ (197 ሜትሮ ልዕሊ ጸፍሒ ባሕሪ) ጀሚራ ኣብ ዝለዓለ ብራኽ (878 ሜትሮ) እትዛዘም ዝበረት እዛ መድረኽ፡ 181.5 ኪሎሜተር ሸፈነ። ቤልጀዩማዊ ተቐዳዳማይ ሱዳል - ዋረ ቫንገሉወ ከኣ ኑየም ብሓባር ዝመጽኡ መወዳደርቱ ብሸኣ ረቲሁ - ብ3 ሰዓት፡ 49 ደቒቕን 29 ካልኢትን ተዓዊቱ።

ኣብ ኣስታና - ማክ ካንተር ካልኣይ፡ ተቐዳዳማይ እስራኤል ፕረሚር ተክ - ጃክ ስተዋርድ ሳልሳይ ክኣትዉ እንከለዉ፡ ናትናኤል ግዜ ከይከሰረ 10 ኣትዩ። ወዲ ሃገሩ ጋንታኡን ኣማኑኤል ገብረእግዚኣብሄር እውን ብተመሳሳሊ ግዜ መበል 60 ደረጃ ሓዚ።

እዚ ውድድር፡ ሎሚ ንሳልሳይ መዓልቲ ክቕጽል እዩ፡ 215 ኪሎሜተር ድማ ክሽፍን እዩ።

## መሲ፡ ምስ ሮናልዶ ተመዓራርዩ



ሓለቓ ጋንታ ኣርጀንቲና ለያኔል ሜሲ፡ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥሚት ደቂ ተባዕትዮ፡ 10 ሃትሪክ ብምስራሕ ምስ ክሪስቲያኖ ሮናልዶ ተመዓራርዩ - ድሕሪቲ ትማሊ ወጋሕታ ንቦሊቭያ ምስዓሮም።

ናይ ደቡብ ኣመሪካ መጸረዪ ግጥሚት ዋንጫ ዓለም 2026 ትመርሓ ዘላ ኣርጀንቲና፡ ኣብታ ጸወታ ንቦሊቭያ ብጌሕ 6-ብ0 ሰዒራታ። ሜሲ ከኣ ኣብ ማብል 19፡ 82ን 86ን ሰለስተ ሹቶታት ብምቑጻር እዩ ምስ ናይ ነዊሕ ዓመታት መወዳድርቱ ዝኾነ ሮናልዶ ብብዝሒ ሃትሪክ ኣብ ኣህጉራዊ ግጥሚት ተመዓራርዩ።

ክልተ ናይ ሹቶ ዕድላት'ውን ዘኸንደሰ እዚ ወዲ 37 ዓመት ብሉጽ ተጻዋታይ፡ "ወላኳ ዕድመ እንተወሰኽኩ ኣብዚ ክህሉ እንከለኹ ግና፡ ቀልዓ ዘለኹ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ። ምኽንያቱ ምስዚ ጋንታ፡ መቺኣኒ ብምህላወ። ክሳብቲ ጸቡቕ ዝተሰምዓንን ብቕዓተይ ከምቲ ዝደልዮ ክዕቅብ ከምዝኽእል ዝኣምነሉን ከኣ ክቕጽል እየ።" ክብል ድሕሪቲ ደሚቑሉ ዘምሰየ ጸወታ ተዛሪቡ።

መሲ፡ ዛጊት ኣብ 189 ግጥሚት 112 ሹቶታት ንሃገሩ ኣመዝጊቡላ ኣሎ። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ መሳልል ብዝሒ ሹቶታት ከኣ፡ ድሕሪቲ 133 ሹቶታት ዘለዎ ሮናልዶ ደሰሩ።

ዕውትቲ ዋንጫ ዓለም 2022 ዝኾነት ኣርጀንቲና፡ ንዝተረፉ ሹቶታት ካብ ጁሊያን ኣልቫረዝን ቲያጎ ኣልማዳን እያ ረኺባቶም። ካብ 10 ግጥሚት 22 ነጥቢ ብምውህላል ድማ ንምድብ ትመርሓ ኣላ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ቀንዲ መቐናቕንቲ ኣርጀንቲና ዝኾነት ብራዚል፡ ንፔሩ 4-ብ0 ብምስዓር፡ ንኻልኣይ ተኸቲታታ። ግጥም ክትዕወት ከኢሉ፡ እዛ ኣብ ዝሓለፉ ግጥሚት ዓወት ኣብ ምምዝጋብ ክትሸገር ዝተራእየት ዕውትቲ ሓሙሽተ ዋንጫ ዓለም ዝኾነት ሃገራዊት ጋንታ፡ ብ16 ነጥቢ ራብዓይ ደረጃ ሒዛ ኣላ።

## ሻምፕዮን ቅድድም ብሽክለታ ደቀምሓረ ተዛዚሙ

ንሽዱሽተ ሰናብቲ ክካየድ ዝጸንሐ ቅድድም ብሽክለታ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ዝሓለፈ ሰንበት ከምዝተዛዘመ፡ ካብቲ ቦታ ዝበጽሓና ዜና ኣረዲኡ።

በዚ መሰረት፡ ኣብ ውድድር ዳርጋ መሴ ምሕረትኣብ ክዕወት እንከሎ፡ መሓርዝጊ ሕሳቡን ናትናኤል ተኸመን ካልኣይን ሳልሳይን ደረጃ ሓዚም። ሰሌማን ዓብዱ ናይ ቀዳማይ ዲቪዥን ዕወት ኣብ ዝኾነሉ ከኣ፡ የናታን ሚኪኤልን (ብመዓልቲ ተበሊጹ) ኑረዲን ናስርን ድሕሪኡ ተሰሪዖም።

ኣብ ተቐዳደምቲ ካልኣይ ዲቪዥን፡ ናህም ገብረትንሳኤ ንክብሪ ተኪኤን ናህም መልጌታን ኣኸቲሉ ዕወት ናይ'ዚ ውድድር ክኸውን እንከሎ፡ መንክም ኣሮን ድማ፡ ኣብ ሳልሳይ ዲቪዥን ንመወዳድርቱ ሚኪኤል የማነን ኣሰያስ ገብረእግዚኣብሄርን ረቲሁ ጸቢሉ ኣሎ።

ኣብ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ከኣ፡ ኣድያም ተስፉ እያ ንሰልቫና ልኡልን ዘቢብ ሚኪኤልን በሊጻ ቀዳመይቲ ወጺኣ።

ብዘይካዚ፡ ኣብ ናይ ህጻናት ምድብ 'ሀ' ኣርባዕተ ሰናብቲ ቀዳማይ ዝወጸ ሄኖስ ሓለፎም፡ ንመንክም ረዘን ስምኦን ባህታን ኣኸቲሉ እንክዕወት፡ ኣብ ምድብ 'ለ' ዘመን ፍስሃዬ፡ ሄኖክ ዘርኡን ናኦድ ኣሸብርን ካብ ቀዳማይ ክሳብ ሳልሳይ ወጺኦም።

ዕወታት እዚ ውድድር፡ ናይ ዋንጫ፡ መዳልያን ገንዘባን ሽልማት ክወሃቡ እንከለዉ፡ መንክም ኣሮን ኣብ ነፍሲ ወከፍ ሰሞን ድሕሪ ዘርኣዮ ሱሓቢ ጸወታ ካብ ኤርትራውያን ፕሮፈሽናላት ተቐዳደምቲ ዝተወፈየትሉ ናይ ዳ ኮርሶ ብሽክለታ ተቐቢሉ።

ሎሚ ዓመት ጸወታ ዳ ኮርሶ ብምትእትታው ዓቢ ለውጢ ዝገበረ እዚ ውድድር፡ ኣብ ዝቕጽል ሰናብቲ ጉበለል ንኡስ ዞባ ብዝተሰምየ ውድድር ክቕጽል ምዃኑ'ውን ተሓቢሩ።

ሃገራዊት ጋንታ ቅድድም ብሽክለታ ኤርትራ፡ ዝሓለፈ ሰሙን ኣብ ኬንያ ኣብ ዝተኻየደ ሻምፕዮን ኣፍሪቃ ደሙቕ ዓወት ኣብ ዘመዝገበትሉ፡ ኣብ ናይ ማእከሎት (ጁንየር) ሻምፕዮን ዝኾነት ናርዶስ ጺጋይ (ሰምባ) ፍርያት እዚ ንኡስ ዞባ እያ።

## ሓለብትን ኣባሓኒን ተዓዊተን



ውሽጣዊ ውድድር ክፍልታት ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ብቐድሚ ትማሊ ሰሉስ ናይ ኩዕሶ ሰከይት 'ሰለስተ ብሰለስተ' መዛዘሚ ጸወታ ኣካይዱ።

ጋንታታት ደቂ ኣንስትዮ ዓራግን ኣቡሓኒን ንደረጃ ክጻወታ እንከለዋ፡ ዓራግ ብጸቢብ 10-ብ9 ሰዒራ። እዛ ጋንታ፡ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ እውን ንሳቡር 21-ብ16 ብምስዓር ሳልሰይቲ ወጺኣ።

ኣብ ናይ ፍጻመ ጸወታ ናይ ደቂ ኣንስትዮ፡ ሓለብትን ሂምቦልን ተጻዊተን። ንስምሃር ብርሃ፡ ሉልያ የማነ፡ ፍቓዱ ዳዊትን ዋርሳይ መልኣከን ዝሓቐፈት ሓለብት 8-ብ5 ብምርታዕ ኑቲ ኣብ ኩዕሶ እግሪ ዘመዝገበቶ ዓወት ወሲኻትሉ።

ምኩራት ተጻወትቲ ዝጠርኣ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ጋንታታት ዒታሮን ኣቡሓኒን እውን ኣብ ፍጻመ ተራኺበን። ብሰናይ ተመስገን እትቕለስ ንዊልያም ኢሳቕ ዳኒኤል ሳሙኤልን ጉበለል ተኪኤን ዝጠርነፈት ኣቡሓኒ፡ ነታ ዋንጫ ናይ ምልዓል ልዑል ግምት ዝተዋህባ ዒታሮ 21-ብ15 ብምስዓር ኣብ ኩዕሶ መርበብ ብኽልተኡ ጾታ ንዝተመዘገበ ዓወት ደምቀት ወሲኻትሉ።

## ቱቸል፡ ኣሰልጣኒ እንግሊዝ ኮይኑ




ቶማስ ቱኸል፡ ካብ 1 ጥሪ 2025 ጀሚሩ ሓዳሽ ዓላሚ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ክኸውን ትማሊ ረቡዕ ብፌደረሽን ኩዕሶ እግሪ እታ ሃገር ተመዚዙ።

ድሕሪ ዋንጫ ኤውሮጳ 2024 ጋረዝ ሳውዝጌት ዝገደፎ መንበር ምዕላም ዝቐበለ ቀዋሚ ኣሰልጣኒ ክደሊ ዝጸንሐ እዚ ፌደረሽን፡ ንቱቸል ናይ 18 ኣዋርሕ ውዕል ኣፈሪምዎ ኣሎ። ዝመጸእ ወርሒ ሕዳር ዝካየዱወን ክልተ ናይ ኔሽንስ ሊግ ግጥሚት ግና፡ ግዜያዊ ዓላሚ ዘሎ ሊ ካርስሊ ክመርሖም ምዃኑ ኣፍሊጡ ኣሎ።

"ዚ ክብሪ'ዚ ምርካበይ ኣዝዩ ተሓጒሰ ኣለኹ" ዝበለ ቱቸል፡ "ብውልቀይ ካብ ነዊሕ ግዜ ኣትሒዘ ኣብዛ ሃገር ምስ ዘሎ ጸወታ ምትእስሳር ጸኒሑ እዩ፡ ገለ ዘድኻቕ ፍጻመታት'ውን ነይሩ፡፡ ንእንግሊዝ ንምዕላም ዝተዋህበኒ ዕድል ከኣ ዓቢ ክብሪ እዩ። ከምኡ'ውን ምስ ንፉዓት ተጻወትቲ ናይ ምስራሕ ዕድል ምርካበይ ኣዝዩ ደስ ዝብል እዩ።" ኢሉ።

ንቱቸል፡ "ሓደ ካብ ዝበለጹ ዓለምቲ ዓለም" ዝበሎ ኣቦመንበር ናይ'ቲ ፌደረሽን ማርክ በሊንግሃም፡ ቱቸልን ንሱ ዝመርሓ ጋንታን፡ ቀንዲ ኣተኩሮኦም ዋንጫ ዓለም 2026 ንምዕታር እቲ ዝበለጸ ዕድል ኣብ ምፍጣር ምዃኑ ገሊጹ። እንግሊዝ ድሕሪ 1966 ዋንጫ ዓለም ምዕታራ፡ ዝኾነት ዓባይ ጸዋእ ከምዘየልዓለት ይፍለጥ።

ኣብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ንቸልሲ መሪሑ ሻምፕዮንስ ሊግ ዘልዓለ ወዲ 51 ዓመት ቱቸል፡ ንባሪሽያ ዶርትሞንድ፡ ፒኤሰጂን ባየር ሙኒክን ዘሰልጠነ ምኩር ዓላሚ እዩ። እዚ ጀርመናዊ ዓላሚ፡ ሳልሳይ ዘይእንግሊዛዊ ዓላሚ ደቂ ተባዕትዮ እዛ ሃገራዊት ጋንታ ድማ ኮይኑ ኣሎ - ድሕሪ ሽወደናዊ ስቨን-ግሪራን ኢጣልያዊ ፋብዮ ካፔሎን።

## ዜና ብሓጺሩ

* ኣጥቃዓይ ሃገራዊት ጋንታ ፖላንድ ሮበርቶ ለዋንዶውስኪ፡ ሰሉስ ምሸት ኣብ ኣህጉራዊ ግጥሚት ብሰንኪ ዘጋጠሞ መጉዳእቲ፡ ትማሊ ናብ ክለቡ ኣብ ዝተመልሰሉ ደኸንዶ ስለዘበረ፡ ካብ ጸወታ ከይበኮር ተሰጊኡ።

መርመራ ንምኽያድ ናብ ክለቡ ዝተመለሰ ለዋንዶውስኪ፡ ኣብዚ እዋን ኣብ ብሉጽ ብቕዓት እንከሎ ንጋንታኡ እንተተፈልዩዋ፡ ዓቢ ሃሲያ ምዃኑ ይግለጽ። ኣቐዲሙ ንወሳኒ እስጳኛዊ ተጻዋታይ እዛ ጋንታ ላሚን ያማል መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ ብምህላዉ ከኣ፡ ኣብ ርእሲ ዘሎታ ተወሰኺታ ክኸና ይኽእል እዩ።

* ኣብ ሓምለ 2025 ካብ ቫለንሽያ ናብ ሊቨርፑል ዝጽንበር ሓላዊ ልዳት ጆርጂያ ማማርዳሽቪሊ፡ እታ ክለብ ወላኳ ቀዳማይ ሓላዊ ልዳት ኣሊሶን በኸር እንተሃለዋ፡ ንሱ'ውን ነታ ቦታ ንምሓዝ ክቃለስ ምዃኑ ገሊጹ።

"ብመደባት እዛ ጋንታ ተመሲጠ እየ" ዝበለ እዚ ወዲ 24 ጆርጂያዊ ሓላዊ ማዕጾ፡ ኣሊሶን ምስ ዘይወጽኦ እውን ኑቲ ኩነት ከም ቅቡል ወሲዱ ካልኣይ ሓላዊ ማዕጾ ክኸውን ዘይከኣሉ፡ ቀዳማይ ምርጫ ኣሰልጣኒኡ ኣርነ ስሎት ንምኳን ከምዝሰርሕ እዩ ብኢጋኡ ተቐሪቡ ዘሎ።



ኣሊሶን




ማማርዳሽቪሊ

ኣሊሶን፡ ኣብ ዝሓለፉ ሽዱሽተ ዓመታት ቀዳማይ ሓላዊ ልዳት ሊቨርፑል ኮይኑ ኣብ ምቕጻልእዩ ዝርከብ ዘሎ። ሊቨርፑል፡ ንማማርዳሽቪሊ 29 ሚልዮን ፓውንድ ከምዝወጽኣትሉ እዩ ዝግለጽ።

* ማን ሲቲ፡ ድሕሪ ምግዛም እዛ ወቕቲ ዓላሚኣ ፐፕ ጓርድዮላ ምስ ዝገድፋ፡ መተካእታኡ ንዓላሚ ስፖርቲንግ ሊዝበን ሩብን ኣሞሪም ኣብ ዕላማ ኣእትያቶ ኣላ - ብመሰረት ጋዜጣ ዘ ጋርድያን።

ሓደ ካብ ዝበለጹ መንእሰያት ኣሰልጠንቲ ዓለም ምዃኑ ዝግለጽ ወዲ 39 ዓመት ኣሞሪም፡ ዝሓለፈ ዓመት መዘኻት ምዕላም ሊቨርፑል ክሕዝ ተቓሪቡ ምንባሩ ይዝከር። ጓርድዮላ፡ ምስ ምግዛም እዛ ወቕቲ እዩ ውዕሉ ዝውዳእ።



ለዋንዶውስኪ

# ዜና ወጻኢ

ሚርያም ኣብርሃም

## ካናዳ - 6 ህንዳውያን ዲፕሎማሰኛታት ኣባረረ



መንግስቲ ካናዳ፡ ምስ ቅትለት ናይቲ ዝሓለፈ ዓመት ኣብ ካናዳ ዝተቐተለ ሳዕለዋይ ሃይማኖታዊ መራሒ ህንዲ ኣድ ነይሩዎም ዝበሎም 6 ዲፕሎማሰኛታት ህንዲ ኣባሪሩ።

እቲ ሲንግ ኒጃር ዝተባህለ ህንዳዊ ሃይማኖታዊ መራሒ፡ ኣብ ወርሒ ሰነ 2023 እዩ ካብ ክልተ ዕጡቓት ብዝተኸፍተሉ ተኹሲ ኣብ ማእከል ከተማ ቫንኩቨር - ካናዳ ተቐቲሉ።

ኣብ ቅትለት እቲ መንፈሳዊ መራሒ ኣድ መንግስቲ ህንዲ ከም ዘለዎ ዝወቐሰ መንግስቲ ካናዳ እቶም ዲፕሎማሰኛታት በቲ ቅትለት ቀዳሞት ተሓተትቲ ምዃኖም ኣፍሊጡ።

ኣብ 1997 ካብ ህንዲ ናብ ካናዳ ዝኣተወ ሲንግ ኒጃር፡ ብመንግስቲ ህንዲ 'ግብረ-ሽበራዊ' ተባሂሉ ኣብ ጸለም መዝገብ ሰፊሩ ምጽንሑ'ዩም ጸብጻባት ዘመልክቱ።

መንግስቲ ህንዲ'ውን ኣብ ከተማ ኒውደልሂ ዝመደቦም 6 ሳዕለዎት ዲፕሎማሰኛታት ካናዳ ክሳብ ዝመጽእ ቀዳም ካብ ሃገሩ ክወጹ ብምእዛዙ ነቲ ብመንግስቲ ካናዳ ዝተወሰደ ስጉምቲ ተመጣጣኒ ምላሽ ሂብሉ ኣሎ።

መንግስቲ ህንዲ ብዘውጸኦ፡ ኣብ ካናዳ ንዘርከብ ሳዕለዋይ ወኪሉ ከምዝሰሐቦ ኣፍሊጡ ኣሎ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ መንግስቲ ካናዳ ንቑጽሪ ናይቶም ኣብ ህንዲ ዝርከቡ ዲፕሎማሰኛታቱ ከጉድሎ ካብ መንግስቲ ህንዲ ብዘቕረበሉ ሕቶ መሰረት፡ ንልዕሊ 40 ዲፕሎማሰኛታቱ ካብታ ሃገር ክስሕብ ከምዝተገደደ ይዝከር።

## ሰሜን ኮርያ - ልዕሊ ሓደ ሚልዮን መንእሰያት ናብ ሰራዊት ክጽንበሩ ሓቲቶም




ኣብ ሰሜንኮርያ፡ ኣስታት 1.4 ሚልዮን ተማሃሮን መንእሰያትን ናብ ሰራዊት እታ ሃገር ንምጽንባር ፍቓድ ከምዝሓተቱ፡ ማዕከን ዜና ናይ'ታ ሃገር ኣቃሊሑ።

ወጥሪ ሓወሲ ደሴት ኮርያ ዝኸፈአ ኣንፈት ሒዙ ኣብ ዘለወሉ እዋን፡ ዜጋታት ሰሜንኮርያ ኣብቲ ምስ ደቡብኮርያ ክካየድ ዝኽእል ኩናት ንምስታፍ ፍቓድ ይሓቱ ከምዝለዉ'ዩ መንግስቲ'ታ ሃገር ዝሕብር ዘሎ።

ነቲ መግለጺ ዛጊት ምላሽ ዘይሃበሉ መንግስቲ ደቡብኮርያ፡ ሰሜን ኮርያ ንሰላምን ርግኣትን ህዝቡ ዝተኻእከ ስጉምቲ ምስ እትወስድ፡ ሃገሩ ናብ ቀጥታዊ ረጽሚ ከምእትኣቱ ከጠንቀቕ ጸኒሑ'ዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓመት፡ ኣስታት 800 ሽሕ ሰሜንኮርያውያን ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክመጽእ ንዝኽእል ተጻብኦ ንምምካት ናብ ሰራዊት ሃገርም ክጽንበሩ ሕቶ ኣቕሪቦም ምንባሮም ኣይርሳዕን።

ብመሰረት ጸብጻባት፡ ሰሜን ኮርያ ኣስታት 1.28 ሚልዮን ንጡፋት፡ ከበቢ 600 ሽሕ ድማ ዘይንጡፋት (ዕቑራት) ወተሃደራት ኣለዉዋ።

ከም ሳዕቤን ናይቲ ኣብ መንጎ እዞን ክልተ ኮርያታት ተኸሲቱ ዘሎ ፖለቲካዊ ዘይምቕዳው፡ ፕዮንግያንግ ንቲ ምስ ደቡብ ኮርያ ዘራኽብ ጽርግያ ኣብ ዝሓለፈ ቀረባ መዓልታት ከምዝዕጸወቶ ይዝከር።

## "ዝበዝሓ ሃገራት ዓለም፡ መብጽዓታት ክሊማዊ ለውጢ ኣይተግበራን" መጽናዕቲ




'ክሊማዊ ለውጢ ብምግታእ ስርዓተ-ኢኮ ዓለምና ንኸነሽል' ንዝብል ብሕቡራት ሃገራት ዝተበጽሐ ስምምዕ ልዕሊ 80 ሚእታዊት ካብ'ተን ዝኸተማሉ ሃገራት ከምዘይተግበርኦ፡ ኣብ ኮሎምብያ ዝተኻየደ ሓድሽ መጽናዕቲ ኣረጋጊጹ።

ብመሰረት'ቲ ኣብ 2022 ኣብ ከተማ ሞንትርያል - ካናዳ ዝተበጽሐ ስምምዕ ኣብቲ ዋዕላ ዝተሳተፋ ሃገራት ዝተፈላለየ መብጽዓታት ብምእታው፡ መደባተን ቅድሚ'ዚ ካብ 21 ጥቅምቲ ክሳብ 1 ሕዳር ኣብ ከተማ ካሊ - ኮሎምብያ ዝካየድ ዋዕላ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ከረክባ እየን ቃል ኣትየን ነይረን።

እንተኾነ እቲ ዝተኣትወ መብጽዓታት፡ ዛጊት ብ24 ሃገራት ጥራሕ ከምእተተግበረ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

ኣስታት 170 ሃገራት ዓለም ነቲ ስምምዕ ከምዝይተግበርኦ ዝሓበረ ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ስነ-ሂወታዊ ብዙሕነት ዓለምና ንምድሓን ካብ ዝተሓንጸጹ መደባት ሓንቲ'ውን እንተኾነት ኣብ ባይታ ከምዘይ ተተግበረት ኣረዲኡ።

ሳዕቤናት ክሊማዊ ለውጢ ኣብ ዝንጸላለወሉ ዘሎ ኩነት፡ ማጠን ዓለማዊ ሞዊ ካብ ዘበነ ኢንዱስትርያዊ ሰውራ ብ1.1 ዲሰንቲግሬድ ዛይዱ ከምዘሎ ብተደጋጋሚ ክግለጽ ጸኒሑ'ዩ። እቲ ኣሃዝ ብኸምዚ ዘለዎ ኣንፈት እንተ ቀጺሉ፡ ማጠን ሙቐት ዓለምና ኣብዚ ዘመንዚ ካብ 3.1 ክሳብ 3.9 ዲሰ ወሰኽ ክርኢ ከምዝኽእል ይግመት።

እዚ ኾይኑ ሃገራት ዓለም ኣብ ትግባረ መደባት ምንካይ በከልቲ ጋዛት እኹል ምስ ዘበርክታ ከምዝኽሰት እዩ ዝግለጽ ዘሎ።

ኣብ ዝተፈላለዩ እዋናት ዝካየዱ ኣብ ምንካይ በከልቲ ጋዛት ዘተኩሩ ኣህጉራዊ ዋዕላታት ንሃገራት ብዝናጸል ዘበድሉ ብዘይ ምኻኖም፡ ዓመታዊ ክሊማዊ ምምዛባል ዝጠንቁ ሓደጋታት ብተደጋጋሚ ከምዝኽሰትን ከም ሳዕቤኑ ብዓሰርተታት ኣሽሓት ዝቑጸሩ ዜጋታት ግዳያት ይኾኑ ከምዘለዉን ይሕበር።

## ሰሜን ካሮላይና - ብህቦብላዊ ዝናብ ደሃይ ልዕሊ 100 ሰባት ጠፊኡ

ኣብ ክፍሉ-ሃገር ሰሜን ካሮላይና (ሕ.መ.ኣመሪካ)፡ ብሰንኪ'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰለስተ ሰሙን ዝተኸስተ 'ሄለን' ዝተሰምየ ብርቱዕ ህቦብላዊ ዝናብ፡ ዛጊት ደሃይ ናይ ልዕሊ 100 ሰባት ከምዘይተረኽበ ማዕከናት ዜና ናይ'ታ ሃገር ኣቃሊሐን።

ኣብ ክፍላተ ሃገር ሰሜን ካሮላይናን ፍሎሪዳን፡ ዛጊት በቲ ህቦብላዊ ዝናብ ልዕሊ 220 ሰባት ከምዝሞቱ ዝጠቐሰ ኣመሓዳሪ ክፍለ ሃገር ካሮላይና፡ ብዙሓት ካልኦት ሰባት ደሃዮም ጠፊኡ ብምህላዉ ቁጽሪ ምውታት ክዛይድ ስግኣት ከምዘሎ ሓቢሩ።



ህቦብላዊ ዝናብ ሄለን ንልዕሊ 2 ሚልዮን ኣባይቲ ብዘይ ሓይሊ ኤሌትሪክ ከምዝተረፈን፡ ኣብ 6 ክፍላተ-ሃገር ዝርከቡ ብኣማኢት ዝቑጸሩ ዓበይቲ ጽርግያታት ድማ ብሰንኩ ተዓጽየም ከምዝቖጸሩን እዩ ክግለጽ ጸኒሑ።

እቲ ታሪኻዊ ምኳኑ ዝተነገረሉን ኣብ ቁጠባ ኣመሪካ ናይ ልዕሊ 47 ቢልዮን ዶላር ዕንወት ዘውረደን ህቦብላዊ ዝናብ፡ ፈለማ ኣብ ክፍሉ-ሃገር ፍሎሪዳ ከምእተኸስተ፡ ቀጺሉ ድማ ናብ ክፍላተ-ሃገር ጆርጂያ፡ ደቡብ ካሮላይና፡ ሰሜን ካሮላይናን ተኣሲን ብምልሓፅ ከቢድ ኣከባቢያውን ሰብኣዊን ዕንወት ከምዘውረደ ይንገረሉ።

## ኣመሪካ ንእስራኤል ተጠንቀቐ



እስራኤል፡ ማጠን ናይቲ ናብ ወሽመጥ ቃዛ ዝኣቱ ሰብኣዊ ሓገዛት ኣብ ወሽጢ'ዘን ዝቕጽላ 30 መዓልታት ክብ ክብል እንተ ዘይፈቒዳ፡ ኣመሪካ ንገለ ካብቲ ንታ ሃገር እትህቦ ወተሃደራዊ ሓገዛት ከተቋርጾ ምዃና ኣጠንቂቓ።

ኣብ ዝሓለፈ መዓልታት ናብታ መሻርኽታ ዝኾነት እስራኤል ከቢድ ማጠንቀቕታ ዝሓዘ ደብዳቤ ከምዝለኣኸት ዝሓበረት ኣመሪካ፡ እስራኤል ኣብ ልዕሊ ናብቲ ወሽመጥ ዝኣቱ ሰብኣዊ ሓገዛት ትገብሮ ዘላ ዕንቅፋታት ደው ከተብሎ ጸዊዓ።

እስራኤል፡ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ፡ ን90 ሚእታዊት ካብቲ ናብቲ ወሽመጥ ክኣቱ ዝግባእ ዝነበረ ሰብኣዊ ሓገዛት ከምዝኸልከለቶ እዩ ክግለጽ ቀንዩ።

በዚ ኾይኑ ንልዕሊ ክልተ ሰሙን ዝኣክል ናብ ሰሜናዊ ክፋል ቃዛ ዝኾነ ናይ መግቢ ሓገዝ ከምዘይተላእከ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ይሕብር።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ እስራኤል ትማሊ ረቡዕ ኣብ ከተማ በይሩት ብዘካየደቶ ናይ ኣየር መጥቃዕቲ፡ ብውሕዱ 15 ሰባት ከምእተቐትሉን ቁጽሮም ብንጹር ዘይተፈልጠ ካልኦት ሓያለ ሰባት ድማ ከምዝቖሰሉን ይግለጽ ኣሎ።

እቲ መጥቃዕቲ ኣብ ትሕቲ ምድሪ ንዝርከብ መኽዘን ኣጽዋር ምንቅስቓስ ሕዝቦላህ ዒላማ ዝገበረ ምንባሩ ድማ፡ ሚኒስትሪ ምክልኻል እስራኤል ሓቢሩ።

እስራኤል ኣብ ወሽመጥ ቃዛን ሊባኖስን ንእተካይዶ ዘላ መጥቃዕትታት ዝኾነ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ኢራን ብወገኑ፡ እታ ሃገር ኣብ ልዕሊ ኢራን ከተካይዶ ንእትሽበሸበሉ ዘላ ናይ ሕነ መጥቃዕቲ፡ ሃገሩ ከቢድ ምላሽ ከምእትህበሉ፡ ትማሊ ረቡዕ ምስ ዋና ጸሓፊ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ኣንቶንዮ ጉተረሽ ኣብ ዘካየዶ ዝርርብ ኣጠንቂቑ።

ኢራን ኣብ መጀመርያ ናይዛ ወርሒ ልዕሊ 200 ባለስቲካዊ ሚሳይላት ናብ እስራኤል ድሕሪ ምውንጫፋ፡ እስራኤል ነቲ መጥቃዕቲ ከቢድ ግብረ-መልሲ ክትህበሉ ምዃና እያ ትፍክር ዘላ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
| --- | --- | --- | --- |
| ቤት መስጣ መድሃኒት ራህዋ | 17/10/2024 | ጎደና ሃገር ቁ.20፡ ፊት መስገድ ገዛ ባንዳ ጥልያን | 119802 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565